# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.102 | ሰንበት 28 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ውሳኔ 390 A (V) ኣብ 75 ዓመቱ


ገጽ 4
ውሑስ ማይ፡ ዋሕስ ህይወት


ገጽ 5
እቲ ኣብ ኣገደሊ ንናጽነት


ገጽ 8
ኣሞሪም፡ ዓወት 'ቦክሲን ደይ' ...



## ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ማእከል፡ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ዞባ ማእከል፡ ብ27 ታሕሳስ ኣብ ዘቃልዖ ኣኼባ፡ ትግባረ መደባት 2025 ብምግምጋም ኣብ ውጥን መደባት 2026 ዘትዩ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ምድንፋዕ ዳግመ-ውዳበ ጉጅለታት፣ ምሕያል ኣበርክቶ ህዝቢ ኣብ ምስሳን ማዕበን ሕድሪ ሰማእታትን ምሕብሓብ ስድራ ስውኣትን፣ ከምኡ'ውን ስልጠና ካድርን ካልእ ንጥፈታትን ኣተባቢዒ ስራሕ ከምእተዓመ ብምብራህ፡ ኣብ መጻኢ ብዝተወደበ መልክዕ ክቕጽል ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ የሱፍ ወሲኹ፡ ብህዝብን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተሰላሰለ ኮሉመዳያዊ ንጥፈታት ብሓፈሻ፡ መደባት ጥሙር መኸተ ከኣ ብፍላይ፡ ንናይ መጻኢ መደባት መንጠሪ ባይታ ምዃኑ ብምምልካት፡ ስልጠና ካድራት ብምዕዛዝ ኣበርክቶኦም ምድንፋዕ ካብ ቀንዲ መደባት 2026 ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ኣመሓዳርቲ፡ ሓለፍቲ ጉጅለታት፡ ውዳቤታት ህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣብ 2025 ኣብ ማሕበራዊ፡ ቍጠባዊ፡ ድሕነታዊ፡ ፖሊቲካውን ውድባውን፡ ከምኡ'ውን መደባት ሓምላይ ወፍሪ ልምዓትን ጥሙር መኸተን ናይ ዝተዓመ ንጥፈታት ጸብጻብ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ውዳቤ ደቂኣንስትዮ ክሕይል፣ ኣበርክቶ ህዝቢ ኣብ ምስሳን ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት ክቕጽል፣ ኮም ማእከል ዝገበረ ማእቶታዊ ንጥፈታት ክድንፍዕ፣ ከምኡ'ውን መደባት ወለንታዊ ልግሲ ደም ኣገዳሲነቱ ርዱእ ስለዝኾነ ክሕይል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣቶ የሱፍ ሳይቕ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብ 2025 ዝተተግበረ ኩሉመዳያዊ መደባት ብመንጽር ዝገበረ ኩነታትን ብደሆታትን ብእወታ ከምዝተገምገመ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2026 በብቐዳምነቱ ዝወጠን መደባት፡ ኣብ ባይታ ብዝለዓለ ኣገባብ ክትግበር ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቡ።



## ፎርቶ ሳዋ - ኣልማዕቲ ጀራዲን፡ ጸጋታት ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀሙ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ - ጎምጎም ሩባ ሳዋ ብማሕበር ተጠርኒፎም ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዝጽመዱ ሓረስቶት፡ ኣብ ከባቢኦም ዝዀነ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀሙሉ ጻውዒት ቀሪቡ።

ንንጥፈታቶም ብዝምልከት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ መሓመድ ዑስማን ኣሕመድ፡ ኂ-ኺ'ቲ ፍርያቶም ብምዕባይ ጠለብ ዕዳጋታት ንምምላእ ዘካይድዎ ጻዕሪ ንድሕነት ኣከባቢ ቀዳምነት ብምሃብ ኣብ ኣጠቓቕማ ማይን መሬትን ዓቲቦም ክሰርሑ ጻዕርታት ይቕጽል ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ዕቑብ ዝበረኣምላኽ ብወገኑ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ብኸቱት ዘወግድ ኣገባብ ተጠቃምነት መሬት ተኸቲሎም ምህርቶም ንምስሳን ክሰርሑ፣ ኣብ ሓምላይ መግቢ እንስሳን ልምዓት ፍረታትን ኣቓልቦ ክህቡ፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ተጠቃምነት ባህርያዊ ሃብቲ ጥንቁቓት ክኾኑ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ ሃብቶም ሓደሽ ብግዲኡ፡ እቲ ንኡስ ዞባ ንልምዓት ፍረታት'ውን ምቹእ ክንሱ፡ መብዛሕትኦም ሓረስቶት ኣብ ኣሕምልቲ ጥራይ ዝተደረተ ንጥፈታት የካይዱ ምህላዎም ብምጥቃስ፡ ፍርያቶም ብዓይነት ንምምሕያሽ ክጽዕሩ፣ ምህርቶም ንምዕባይ ኣብ ዘካይድዎ ጻዕሪ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሰፍሓት መሬት ኣብ እቶታውነት ጸቒጦም ክሰርሑ መኺሩ።



ኣልማዕቲ ድማ፡ ብማሕበር ምጥርናፎም ኣደማዒ ስራሕ ክዕመ፣ ተመክሮ ክለዋወጡን ፍርያቶም ብምእካል ኣገባብ ናብ ህዝቢ ከቕርቡን ከምዝሓገዞም ብምጥቃስ፡ ቤት-ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ብቐረባ ግብርን ካልኦት ግቡኣትን ዘኽፍሉሉ ምቹእ ባይታ ክፈጥረሎም ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ 2001 ዝቖመ ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ፡ ኣብ ኣስታት 1,442 ሄክታር ዘልምዑ 177 ምዝጉባት ኣባላት ኣለውዎ።

## ከረን - ናይ ተጠቃምነት ዕለቶም ዝወደቐ ሃለኽቲ ተወጊዶም

ኣብ ንግዳውን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ትካላት ከተማ ከረን ብዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ዝተረኽቡ ናይ ተጠቃምነት ዕለቶም ዝወደቐ ሃለኽቲ፡ ተወጊዶም።

እቶም ብኣባላት ሕግን ስርዓትን ምምሕዳር ከተማን ናይ ስራሕ መሻርኽቶምን ኣብ ድኳናት፡ ዕዳጋታት፡ ኣብያተ-መግቢን መስተን ብዝተገብረ ተፍትሽ ዝተታሕዘ ሃለኽቲ፡ ዝበላሸን ዝስተን ከምኡ'ውን መጸዓዒ ብሕጊ ዝተኸልከለ ረቂቕ ፈስታልን ከምዝጠቓለለ፡ ሓላፊ ሕግን ስርዓትን ኣቶ ክብረኣብ እንድርያስ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ኣብ ምግዛእ ሃለኽቲ ጥንቃቐ ክገብር፣ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገማት ካብ ዝኾኑ ሃለኽቲ ከምኡ'ውን ረቂቕ ፈስታል ከወግድን ብምልባው፡ ንጥፈት ዝሓለፉን ዕለቱ ዝሓለፈ ንብረት ዝሸጡ ነጋዶ ምስ ዝረኸቡ ድማ ብቕልጡፍ ንውግዳዊ ከተማ ክሕብሩ ተላቢዩ።



## ደቡብ - ካብ ሓልሓለ ናብ እምኒ-ጸሊም ዘእቱ ጽርግያ ተሰሪሑ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ፡ ካብ ሃገራዊ ማእከል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ንጉዳም ኣቡነ ብጹእ ኣምላኽ ሓሊፉ ናብ እምኒ-ጸሊም ዝኣቱ 7 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቍጽሪ 6 ተሰሪሑ።

እቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ጀሚሩ ብምሩጽ ሓመድ ዝተሰርሐ 8 ሜትሮ ጐኒ ዘለዎ ጽርግያ፡ መእለዪ ውሕጅን ሓንቲ ቢንቶን የጠቓልል።

ኣባላት ኮሚተ ጽርግያ እምኒ-ጸሊም - ጉዳም ኣቡነ ብጹእ ኣምላኽ ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ መስመር ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝነበረ ሕጽረታት ከምዝቃለሎ፣ ከምኡ'ውን ሕርሻዊ ምህርቶም ብዘቕለለ ናብ ዕዳጋታት ንምልኣኽ ዕድል ከምዝርሓወሎም ገሊጾም።

ሓላፊ ማሽነሪ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቍጽሪ 6 ኣቶ ቴድሮስ ጉብረያሰስ ብወገኑ፡ ህዝቢ ንዘበርክቶም ደገፍን ምትብባዕን ብምምስጋን፡ እቲ ጽርግያ ንነዊሕ ግዜ ንኸገልግሎም ምእንቲ፡ ነባሪ ኣብ ምዕቃቡን ምክንኻኑን ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ፍረወንገል ተኽለሃማኖት ድማ፡ እቲ ጽርግያ ንበርክት ዝኣ ዓድታት ኣገልግሎት ስለዝህብ፡ ኣብ መሃብሮ ህዝቢን ምዕባለ'ቲ ከባቢን እወታዊ ኣስተዋጽኦ ከምዝገብር ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

እምኒ-ጸሊም፡ ካብ ከተማ ደባርዋ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ 10 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።

ዜና

# ሓጋዝ - ዓቕሚ መምህራን ክብ ንምባል ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ምዕሩይ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽን ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ክብ ንምባልን ዝዓለመ ስልጠና፡ ካብ 6 ክሳብ 23 ታሕሳስ ን500 መምህራን ተዋሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ምድላው ትግባረ ውጥን ትምህርቲ፣ ሜላታት ስነምምህርና፣ ስነ-ምግባር መምህር፣ ምሕደራን መራሕነትን፣ ኣገባብ ኣመሃህራን ምሕደራ ክፍልን፣ ኣተሓሕዛ ሰነዳትን ዕቃበ ንብረትን ካልእን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ብቑዓት መምህራን ብምሕያል ብቑዓት ትምህርቲ ንምብራኽ ዝዓለመ'ዩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እድሪስ ዓብዱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መምህራን ሞያዊ ዓቕሞምን ደረጃ ፍልጠቶምን ንምብራኽ ዝዓለመ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ንክረኽቡ ሓያልጻዕርታት ከም ዝካየድ ጠቒሱ፡ እቲ ስልጠና ብፍላይ ንሓደስቲ መምህራን ሓጋዝን ኣማኢዘንን ከም ዝጠቕሞ ሓቢሩ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ስልጠና መምህር ኤልያስ እዮብ ብወገኑ፡ ምብራኽ ንቕሓትን ኣፍልጦን መምህራን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ደፋኢ ሓይሊ ስለዝኾነ፡ መምህራን ንዝተዋህቦም ስልጠና ብግቡእ ክጥቀሙሉን ፍልጠቶም ከበርኽሉን ተላቢዩ።



# ደቡብ - ኣብ እንዳገርግስ፡ ውራያት ንምጽባብ ዝዓለመ ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ሓወሲ. ከተማ እንዳገርግስ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ማሕበራ-ቁጠባዊ ሃለዋታት ከስዕብ ዝጽንሐ ጉሓትቲ ውራያት ንምጽባብ ዝዓለመ ዘተ ተኻዪዱ።



ኣብ'ቲ ምስ ነበርቲ ዓዲ-ጉዕር፡ ከዶሕንቶ፡ ዓዲሲዓ፡ ዓዲራትድን እንዳገርግስን ዝተገበረ ሕዝባዊ ርክብ፡ ኣብ መርዓ፡ ሓዘንቲ፡ ጥምቀት፡ ዓመት ቁልዓን ተስካርን ዝግበር ወጻኢታት ከውርዶ ዝጸንሐ ሃሲያ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ከስርሓ ዝኽእል እማመ ብምቕራብ፡ ብደረጃ ምምሕዳር ከባቢ. መቈጻጸሪ ደምቢ. ክወጽእ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ኣመሓዳሪ ሓወሲ. ከተማ እንዳገርግስ እቶ ኣርኣያ የዕበዮ፡ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶ ንህዝቢ. ዝጠቅም ስለዝኾነ፡ ኩሉ ክስዕቦ ብምዝኽኻር፡ ንቑሕ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ክየዕዝዝ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ወጻኢ ዘሎ ደምቢ. ግቡእ ኀሰሳን ምኽትታልን ክግበረሉ ብምዝኽኻር፡ ጸለውቲ ሰባትን ኣካላትን መንግስቲን ግደኦም ክጻወቱ ኣዘኻኺሮም።

ካብ ዓዲ-ኳላ ንሸነኽ ምዕራብ 17 ከሎሜትር ርሒቓ እትርከብ ሓወሲ. ከተማ እንዳገርግስ፡ ልዕሊ 2000 ስድራ-ቤታት ይነብራ።

## ሎሚ ኣብ ERI TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ፊዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፊንቅል |
| 18:15 | መደብ ሄረር |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፍኖተ ህይወት |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ፊልም |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ካብ ሰነዳት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረትቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊፍጻመታትስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖርትብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም, ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ, ሰለሞ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓንሰባ - ኣብ ስራቤታት ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንምርግጋጽ ይስራሕ

"ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ንምርግጋጽን ዜጋታት ተረባሕቲ ናይ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዕድላት ንምግባሮምን ብዘለዓለ ይስራሕ ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ሃብቲ እንስሳ ዶ/ር ተኸለማርያም ሃይለሚካኤል ሓቢሩ።



485,612 ኩንታል ተረፈ ምህርትን 137,465 ኩንታል ሳዕርን ከምእተኣከበ ገሊጹ።

መተዓብዮ ሕብረተሰብ ብዓይነት ንምምሕያሽን መኣዛዊ መግቢ ብደረጃ ስድራቤታት ንምርግጋጽን ኣብ ምርባሕ ደርሁን ንህቢን ዕቱብ ኣቓልቦ ተዋሂቡ ይስራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብጠቕላላ 261 ሽሕ ጨቓዊት ከምእተዓደላ፣ 8,787 ዘመናውን ባህላውን ቆፎታት ንህቢ. ዝውንኑ ልዕሊ 4 ሽሕ ሓረስቶት ድማ ኣስታት 80 ሽሕ ኪሎ-ግራም ፍርያት መዓር ከምዝረኸቡ ኣረዲኡ።

ንልምዓት ሓምላይ መግቢ እንስሳ ብዝምልከት ድማ ዶ/ር ተኸለማርያም፡ ኣብ'ቲ ዞባ ካብ ልዕሊ 264 ሄክታር 196,527 ኩንታል ከምእተረኽበ፡ ኣብ ሰጥር ዝርከብ መደበር ፊልሲ. ሓምላይ መግቢ እንስሳ ድማ ካብ ዞባ ዓንሰባ ሓሊፉ ንኻልኦት ዞባታት ከምዝከፋፍል ኣፍሊጡ።

ኩነታት መጋሃጫታት፡ ሕዝእቲ ብዕራይን ሕሩም ሕዝእትን ኣብ ጸቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ብምሕባር፡ ኣብ ትሽዓተ ንኡስ ዞባታት ብዝተገበረ መጽናዕቲ፡

ብዘውሳኺ፡ ንወርሓት ግንቦትን ሰነን ዘገልግል መግቢ. እንስሳ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣስማጥ፡ ሃበሮ፡ ሓልሓል፡ ሓመልማሎ፡ ሓጋዝን ዓዲተከሌዛንን ከምእተዓደለ ሓቢሩ።


ዶ/ር ተኸለማርያም ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ. ቤልታ - ንኡስ ዞባ ገሉብ ን321 ስድራቤታት 105 ኣጣል ከምእተዓደላ፣ ጥዕና እንስሳታት ንምውሓስ ኣብ ንኡስ ዞባታት ሓጋዝ፡ ኣስማጥ፡ ሓልሓል፡ ሃበሮ፡ ሓመልማሎን ከረንን ልዕሊ 100 ሽሕ ከብቲ ጸረ ሕማም ፍርማይ፣ ኣብ ትሽዓተ ንኡስ ዞባታት ድማ ልዕሊ 263 ሽሕ ጤሉ-ጠበ ጸረ ጉልሓይ ማሰል ከምእተኸትባ ገሊጹ።

# ውሳነ 390 A(v) ኣብ 75 ዓመቱ

# ብቐለም ዝተጻሕፈ ጥልመት 40 ዓመት

ሳሙኤል ገብረብርሃን (ክኢላ ሕጊ)
ክፍሊ ኢምግረሽንን ዜግነትን

ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት፡ ብመሰረቱ ኑቲ ብዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ዝተፈጸመ "ታሪኻዊ ጸለም ቀጸሊ" ንምእራም ዝተኻየደ መሪርን ሱር መሰታውን ተጋድሎ እዩ። እቲ ኣብ 2 ታሕሳስ 1950 ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ ውሳነ 390 A(v)፡ ተራ ናይ ወረቐት ስምምዕ ዘይኮነስ ንመጻኢ ዕድል ሓደ ህዝቢ ኣብ ናይ ረቡሓታት ዋጋዕዳጋ ዘእተወ፡ ንልኡላውነት ሓንቲ ሃገር ደማ መጠበሱ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝተፈጥረ "ሞራላዊ ግርደት" (Moral Eclipse) እዩ። እቲ ውሳነ ክሕንጸጽ ከሎ፡ እቶም ዓበይቲ ሓይልታት ንኤርትራ ከም ህያው ሃገር ዘይኮነስ ከም ሓንቲ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ "ስትራተጂያዊት ወተሃደራዊት ጣቕ" ገይሮም እዮም ርእዮማ። እቲ "ታሪኻዊ ክሕደት" ዝበሃል ኣምር ድማ ካብዚ ዝቐሰ እዩ። ዓለም ንኤርትራ ብዓይኒ ረቡሓታት



390 (V). Eritrea: Report of the United Nations Commission for Eritrea; Report of the Interim Committee of the General Assembly on the Report of the United Nations Commission for Eritrea

A. *Recommends that:*


1. Eritrea shall constitute an autonomous unit federated with Ethiopia under the sovereignty of the Ethiopian Crown.

2. The Eritrean Government shall possess legislative, executive and judicial powers in the field of domestic affairs.

3. The jurisdiction of the Federal Government shall extend to the following matters: defence, foreign affairs, currency and finance, foreign and interstate commerce and external and interstate communications, including ports. The Federal Government shall have the power to

ውሳነ 390 A(v) ሓፈሻዊ ባይቶ ሕ.ሃ - 2 ታሕሳስ 1950

ብቐለም ጥራይ ዝቖበረ "ዲፕሎማሲያዊ መላጸ" ነበረ። እዚ 75 ዓመት ገይሩ ዘሎ ውሳነ እዚ፡ "ብቐለም ዝተጻሕፈ" ዝበሃለሉ ምኽንያት፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ድሌት ህዝቢ፡ ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ሽርሒታትን "ናይ ፖለቲካ ሃተምተም"ን ተመርኲሱ ዝተሃንጸ ስለ ዝነበረ እዩ። እቲ ውሳነ ኣብ መንጎ "ሕጋዊ ሓቂ"ን "ስትራተጂካዊ ስስዐ"ን ሃገራት ምዕራብን መሻርኽተንን ጥራይ ስለ ዝጠመተታ፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዝምልከ ዝነበረ ተፈጥሮኣዊ መሰል ርእሰውሳነ (Self-determination) ብርእይ ተረጊጹ። እቲ ብጆን ፎስተር ዶልስ ዝተገልጸ "ረቡሓታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንኤርትራ ምስ እሙን ፈታዊና ክንቁርና የገድደና" ዝብል ምስክርነት፡ ኑቲ



ምድማጽ ረፈረንደም - 1993

ዝተኻየደ ቅልስ ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ፍትሒ ብቐለም ዲፕሎማስኛታት ተዓቢጡ፡ ንኣርባዕተ ዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለ "ናይ ባሩድ ወለዶ" ወሊዱ። እዚ ውሳነ እዚ፡ ንኤርትራውያን ከም ሰባት ዘይኮነስ ከም "ናይ ጂኦፖለቲካዊ ባጤራ" (Geopolitical Currency) ብምርኣዩ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ውግእ ዓለም ከም መጋበሪያ ክጥቀመሉም ዝተፈረመ "ናይ ሞት ብይን" እዩ ነይሩ።

ንውሳነ 390 A(v) ብዮምኪቑ "ሕጋዊ ማስትያት" ክንትንትኖ ከለና፡ እቲ ቀንዲ ብቐለም ዝተጻሕፈ ጥልመት ዝተሃንጸሉ ሽፈጥ ግሉጽ መርኣያ እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ወረቐት ክፍረም ከሎ፡ እቲ ቀለም ገና ከይነቕጸ፡ እታ ሃገር ድሮ ኣብ ዋጋዕዳጋ ተሸይጣ ነይራ ማለት እዩ።

እቲ ውሳነ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁረን ክውስን ከሎ፡ ባዕሉ ንባዕሉ ዝቃላዕ "ትካላዊ ግርምቢጥ" (Institutional Paradox) እዩ ፈጢሩ። ሓንቲ ብደረጃ ትካላዊ ኣሰራርሓ፡ ቅዋም፡ ፓርላማ፡ ሰልፍታትን ናጻ ፕረስን "ዲሞክራሲያዊ ዲኤንኤ" ዘጥረየት ኤርትራ፡ ምስ ሓንቲ



ውዕል ናይ'ቲ ጥልመት

ብፍጹም ንገሳዊ ስርዓት እትመሓደር "ናይ መግዛእቲ ሕልና" ዝነበራ ኢትዮጵያ ክትቁረን ምግባሩ፡ እቲ ውሳነ ካብ መጀመርያኡ ፍሽለት ዝተፈርዶ "ሕጋዊ መጻወድያ" ምዃኑ የርኢ። እዚ ፌደረሽን እዚ፡ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ክትውሕጥ "ሕጋዊ ሽፋን" (Legal Cover) ጥራይ እዩ ዝሀብ ነይሩ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ውሳነ እዚ ብቐለም ክፍርሞ ከሎ፡ ኢትዮጵያ ኑቲ ውዕል ክትጥሕሶ ከላ ጣልቃ ኣትዩ ክከላኸል ዘኽእል ዋላ ሓደ "ሕጋዊ ዋልታ" (Enforcement Mechanism) ኣየቐመጠሉን። እዚ ድማ እዩ ኑቲ ውሳነ ካብ ፍትሒ ዘርሓቖን ናብ "ወረቐታዊ መግዛእቲ" ዝለወጦን። እቲ ውሳኔ ንኽልተ ዘይተኣኻኸቡ ኣካላት ብሓይሊ ተፈሪሙ ዝተዋህቦም "ናይ ሓይሊ መውሰቦ" (Forced Union) እዩ ነይሩ።

ካብ 1952 ክሳብ 1962 ዝነበረ ናይ ፌደረሽን እዋን፡ እቲ "ብቐለም ዝተጻሕፈ ጥልመት" ብዮዝበሪ ዝተሸራረፈሉ ዓመታት እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኑቲ ብቐለም ዝተጻሕፈ ውሳኔ፡ ብቐለም ጥርዓናት ክከላኸሉ ዘይገበሮ ዲፕሎማሲያዊ ቅልስ ኣይነበረን። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፌርማታት ዝሓዘ ጥርዓናት ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተላኢኹ፤ ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻየዱ፤ ዲፕሎማሲያዊ ልኡኻት ናብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ተዋፈሩ። እንተኾነ፡ እቲ ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ኑቲ ብቐለም ዝተጻሕፈ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብ"ዲፕሎማሲያዊ ስቕታ"ን ዕሽሽ ምባልን መለሰሉ። ፍትሒ ብወረቐት ክርከብ ከም ዘይክእል ምስ ተረጋገጸ ድማ፡ እቲ ብቐለም ዝተባረዐ ሽፈጥ ናብ "ደማዊ መኣረምታ" ክሰጋገር ግድን ኮነ። እቲ ወረቐት ምስ ፈሸለ፡ እቲ "ናይ ቀለም ቃልሲ" ተዛዚሙ። እታ ዓለም ብቐለም ዝፈረመትሉ ወረቐት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከም "ናይ ባርነት ዓንቀጽ" ኮይና ስለ ዝተሰምዖ፡ ኑቲ ቀለም ብደም ክሓኮ ወሰነ።

ብ1 መስከረም 1961 ብሓርበኛ ሓምድ ኣድሪስ ዓዋተ ዝተወለዐ ፈላሚ ብረታዊ ቃልሲ፡ ትርጉሙ "ኑቲ ብቐለም ዝተጻሕፈ ጌጋ ብባሩድ ክንእርሞ ኢና" ዝብል ነበረ። እዚ ታሪኻዊ ምስጋር እዚ፡ ውጽኢት ናይቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለ "ናይ ሕልና ክሕደት" እዩ። እታ ቀዳመይቲ ጥይት፡ ኑቲ ውሳነ 390 A(v) ዝተባህለ "ወረቐታዊ ሰንሰለት" ዝቐደደት "ናይ ፍትሒ መላጸ" ነበረት። ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ ዓለም ክትሰምዖ ዝኣበየት ሕቶ፡ ብድምጺ ባሩድ ምስ ተጻሕፈ ጥራይ ከተንበቦ ከም እትኽእል ስለ ዝተገንዘበ፡ ኑቲ ዓለም ብቐለም ዝጸሓፈቶ "ታሪኻዊ ሓሶት"፡ ብደሙ ዳግም ክጽሕፎ ጀመረ። እዚ ዳግመጽሕፈት ታሪኽ ድማ፡ ንሰላሳ ዓመት ዝቐጸለ "ደማዊ ሰዉጽሐፍ" ሓቲቱ ። እቲ ኣብ ወረቐት ሰፊሩ ዝነበረ መታለሊ ጽሑፍ፡ ኣብ ኾቦታት ኣዳልን ናቕፋን ብእተጻሕፈ "ናይ ሓርነት ግጥሚ" ተተክአ።

ንሰላሳ ዓመታት ዝተኻየደ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኑቲ ብውሳነ 390 A(v) ዝተጻሕፈ "ሕጋዊ ሰንሰለት" ብሓይሊ ንምብጣስ ዝተኻየደ ናይ ጽንዓት ፋብሪካ እዩ። እቲ ቃልሲ፡ ንኤርትራውያን ካብ ተማገትቲ ኣማሪርትን ናብ ናይ ዕድሎም ወሰንቲ (Masters of Destiny) ቀዪሩና። እቲ ልኡላውነት ካብ "መንበረ-ስልጣን" ዓበይቲ ሃገራት ዘይኮነስ፡ ካብቲ ኣብ ኾቦታትን ሰንፔሮታትን ኤርትራ

ብሕጋዊን ሰላማዊን መገዲ ኪይገልጹ ንነዊሕ ዓመታት ተሓሪምዎም ጸኒሑ እዩ። በዚ ከኣ ከቢድ ዕንወት ዘስዓበ ነዊሕ ኩናት



ረፈረንደም - መኽተምታ ናይ'ቲ መሪር ቃልሲ

ዝፈሰሰ "ቅዱስ ደም ሓርበኛታት ጀጋኑ" ክበቅል ጀመረ። እቲ ዓለም ንኤርትራ ከም ታሪኻዊት ኣካል ኢትዮጵያ ክትርእያ ዝጸሓፈቶ ትረኻ፡ ብዮዝበራዊ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ በርዒኑስ ብናይ ናጽነት ትረኻ ተተኪኡ። እቲ ብቐለም ዝተሓንጸጸ ሽፈጥ፡ ብደማዊ ማሕተም ጀጋኑ ተሓቲሙ ተኻየዱ። እዚ ረፈረንዱምዚ፡ እምብኣር፡ ኣብ ክንዲ ድሌት ህዙባታት ንምዕምጻጽ ሓይሊ ምጥቃም፡ ጉዳያት ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ምፍታሕ ስልጡን ኣገባብ ምዃኑ ንኹሉ ትምህርቲ ዝሀበ" ክብል ገሊጹ ነይሩ።



ጸሓይ ናጽነት ዘብረቐ ቃልሲ

ንሓዋሩ ተደምሲሱ። ጥንዴራ ኤርትራ ድማ ምስ ካልኦት ልዑላውያን ሃገራት ተሰሪዓ ኣብ ሰማያት ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንበልበለት። ሎሚ ኤርትራ ኣብ ካርታ ዓለም ዘላቶ ቦታ፡ ብቐለም ዝተኣኽለ ዘይኮነስ ብደም ዝተሓተመ "ናይ ሓርነት ጂኦግራፊ" እዩ።

እቲ 99.8% "እወ ንናጽነት" ዝበለ ድምጺ፡ ኑቲ ውሳነ 390 A(v) ንሓዋሩ ናብ "ጉሓፍ ታሪኽ" ደርበዮ። ዓለም ከኣ፡ ድሕሪ 43 ዓመታት፡ ኑቲ ብቐለም ዝፈጸመቶ "ዲፕሎማሲያዊ ገበን" ተኣሚና፡ ንኤርትራ ከም ልዑላዊት ሃገር ክትቅበላ ተገደደት። እዚ ድማ እቲ "ብቐለም



ናጽነት ዘወለዶ ሓጎስ ኤርትራውያን

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ 1993 ዝተኻየደ ረፈረንዱም፡ 99.8% "እወ ንናጽነት" ብምድማጾ'ዩ ኣብ ዓለም መወዳድርቲ ብዘይብሉ እጹብ ድንቂ ውጽኢት ተዛዚሙ። እዚ ከኣ ኑቲ ብደም ዝተጻሕፈ ታሪኻዊ መኣረምታ፡ "ናይ መወዳእታ ሕጋዊ ነጥቢ" ዝለበ ፍጻመ ኮነ። ቁሩብ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ታሪኽ ንምዝኻር፡ ውጽኢት ረፈረንዱም ኣብ ዝተገልጸሉ ቅንያት፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡
"ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ድሌቶም ዝተጻሕፈ ናይ 40 ዓመታት መግዛእቲ"፡ ብጽንዓትን መስዋእትን ተሳዒሩ፤ ሓቀኛን ዘይድምሰስን ልኡላውነት ኤርትራ ብሽመይ ከም ዝተረጋገጸ ዘጉልሕ ዓቢ ዓወት እዩ። እቲ ወረቐት ነቒጹ፡ እቲ ቀለም ተሓኺኹ፡ ኤርትራ ግን "ብደማ ተሓቲማ" ጸኒዓ ኣላ። ሎሚ ልኡላውነት ኤርትራ ብወረቐት ዝተዓደለ ህያብ ዘይኮነስ ብደም ዝተጻሕፈ "ዘይሕከኽ ናይ ታሪኽ ሰነድ" እዩ። እቲ ብ390 A(v) ዝተጀመረ "ዲፕሎማሲያዊ ጸልማት"፡ ብጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ተቐዲዱ፡ ብናጽነት ዝተሓትመ "ናይ ፍትሒ ብርሃን" ኸሪሱ ኣሎ።




# ውሑስ ማይ - ዋሕስ ህይወት

ምስግና ገብረስላሴ
ክ/ሃ/ማይ፡ ሚ/መ/ማ/እ

ብዮቓቓን እኹል፡ ብጽሬቱ ናጻ ካብ ህይወታውያን፡ ህይወታውያን ካብ ዘይኮኑ ባእታታት ድማ ብምልክዒ ውድብ ጥዕና ዓለምን ሃገርናን ቅቡል ደረጃ ትሕዝቶ ዘለዎ ውሑስ ማይ ንብሎ። ብዘይካ'ዚ ንኽትርኽእዮ ብኽለንትናኡ ባህ ዘብል፡ ግዜን ጉልበትን ከየጥፍኣካ እትረኽቦ፡ ንምቕድሑ ይኹን ንምጕዓዙ ስግኣት ይኹን ዘይምቹእነት ዘይብሉ፡ ርትዓዊ ዋጋ እተኽፍሎሉን ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትረኽቦ እትኽእልን ዓይነት ኣገልግሎት ከም ዝኾነ ሓበራዊ መረዳእታ ክህልወና ኣለዎ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ውሑስ ማይ ክንብል እንተ ደኣ ኢና፡ ነዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ መምዘኒታት ዘማልአ ምዃኑ ኣብ ግምት ከእቱን ሓበራዊ መረዳእታ ክህልወናን ይግባእ።

ኣገልግሎት ቀረብ ውሑስ ማይ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዘይብጻሕ፡ ምስ ቀጠባዊ ዕብየት ሃገርን ሕብረተሰብን ተሳኒዩ ዝኸይድ መስርሕ እዩ። ነዚ መስርሕ ዕውት ንምግባሩ፡ ዝተወሃሃደን ቀጻልን ጻዕሪ ዝሓትት ይኸውን። ብዘወሳኺ፡ ማይ ብሓፈሻ ኣብ ጽላት ማይ ዝተዩዱ ስርሓት፡ ካብ ዳህሳስን ምክትታልን ባህርያዊ ጸጋ፡ ንምምዕባሉ፡ ምልምዑ፡ ንምሕደራኡን ቀጻልነቱን ዝተዩድ ኩለንተናዊ መደባት፡ ቀዓምነትን ቀጻልነትን ዘድልዩ መደብ ብምዃኑ፡ መንግስቲ ኣብ ቀዓምነታቱ ሰሪሑ ብዘለዎ ድኑት ማላዊውን ሰብኣዊ ዓቕሙን ኣብ ከቢድ ጻዕሪ ይርከብ ኣሎ። ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ጽሑፍ ዓምዲ ኣከባቢ፡ ኣብ ውሑስ ዘቤታዊ ቀረብ ማይ ዘተኩረ ትሕዝቶ'ዩ ክእንገድ።

ውሑስ ማይ ዝረኸበ ሕብረተሰብ፡ ካብ ማይ ወለድን ምስ ማይ ዝዛመዱ ሕማማትን ናጻ ኾይኑ፡ ጥዕናኡ ዝተማልአን ኣፍራይን ዜጋ ይኸውን። ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ናብራ ዓቢ ሓላፍነት ናይ ዝስከማ ኣደታትን ህጻናትን ብሓፈሻ፡ ንኣሸቱ ብዕድመ ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ ውሕስነቱ ካብ ዘይተሓለወን እሞ ድማ ካብ ርሑቕን ኣህላኽን ጉዕዞ ዝጓረት ማይ ዘህልኾኦ ግዜን ጉልበትን ንምቕጣብ ተራኡ ዕዙዝ እዩ። እዚ ማለት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተሳቲፎም ትምህርቶም ብግቡእ ክከታተሉ፡ ምስ ሃልኪ ጉልበትን ብኸንቱ ግዜን ዝተተሓሓዘ ብኩራትን ምድንጓይን ይውገድ። ብጠንቂ ምስ ማይ ዝዛመዱ ሕማማት ዝተተሓሓዘ ብኩራትን ምቁራጽን የወግድ። ብተመሳሳሊ፡ ኣደታት ኣብ ማይ ምጉራት ዝሃልኽ ዝነበረ ግዜን ጉልበትን ብምቑጣብ፡ ደቃን ናብ ትምህርቶም ኣብ ሰዓቶም ኣፋኒኻ ዝተረፈን ዕዮኣን ብግቡእ ከሰላስላን ዘየዳ ክፍርያን፡ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ኮመን ድማ ዝያዳ ተሳተፍቲ ንክኾና ይሕግዘን።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ዓድታት ሃገርና ዝዋደድ ዘሎ ስርዓት ቀረብ ማይ፡ ተጠቃምነት ኣገልግሎት ጽሩይ ማይ ካብ ኣብ ሓበራዊ መዕደሊ ነቑጣ ኩይኑ፡ ካብ መንበሪ ኣባይቲ ካብ 200-250 ሜትሮ ኣብ ዘይርሕቕ ንህዝብና ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ናይ ምርካብ ዕድላት ተፈጢሩሉ ኣሎ። ኣብዚ እዋንዚ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን፡ ምስ ዞባዊ ምምሕዳራትን ህዝብን ካልኦት ኣካላት መንግስትን መሻርኽቲ ልምዓትን ብምትሕብባር ብዙሃዶ ዘሎ ዝተፈላለዩ ስራሓት ፕሮጀክታት ማይ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርና ዕድል ጽሩይ ማይ ናይ ምርካብ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ማእታዊት በጺሑ ኣሎ። ኣብዚ ህዝቢ ንኣገልግሎት ቀረብ ውሑስ ማይ ካብ ቀዓምነታት ናይ ቀዓምነታቱ ብምዃኑ፡ ካብ ጠለብ ፕሮጀክትታት ጀሚሮም ክሳብ ትግባረን ቀጻልነቱን ዘርኢዮም ዘለዉ ተበግሶ ኣዝዩ ዝሕድ እዩ። ኣብዚ መዓይ ዝለዓለ መሻርኽቲ ክፍሊ ሃብቲ ማይን ተግበርቲ ኣካላት ዞባታትን መሻርኽትን ምዃኖም ምርዳእ ኣገዳሲ'ዩ።

ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ክሳብ እዚ እዋንዚ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና፡ ዓድታት፡ ሓወሲ ከተማታትን ከተማታትን ንህዝቢ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ትካላት ኣብ ምህናጽ፡ ክዝርጋሕ ጸኒሑን ኣሎን። ሓደ ካብኡ፡ ኩሉ ዜጋ ብምዕሩይ ኣገባብ ውሑስ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ንኽረክብ እዩ። መንግስቲ ካብ ዘለዎ ዝኾነ ምዕሩይን ርትዓውን ምቕራሕ ኣገልግሎታት፡ ንኹሉ ዜጋ ብምዕሩይ ኣገባብ ውሑስ ቀረብ ማይ ምዝርጋሕ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ቀዳሚ ናጽነት ሽፈነ ቀረብ ማይ ኣብ ገጠራት 7 ማእታዊት፡ ኣብ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ድማ 30 ማእታዊት ዝነበረ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ገጠራት ናብ 70 ማእታዊት፡ ኣብ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ድማ፡ ካብ 80 ክሳብ 90 ማእታዊት በጺሑ ይርከብ።

ውሑስ ምንጪ ቀረብ ማይ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ብመንጽር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ዝርከብ ኢኮሎጂያዊ ኣቀማምጣን ዝርከብ መጠን ዝናብን ይምርኮሶ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ሃገርና መጠን ዝርገሐ ዝናብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣዝዩ ዝፈላለ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ዓመታዊ መጠን ዝርግሐ ዝናብ ብመንጽር ዝተፈላለዩ ሪጅሕታት ክርአ እንከሎ ድማ፡ እዚ ማለት ኣብ ማእከላይ ከበሳ (central highlands) መብዛሕትኡ ዓቕን ዓመታዊ ዝናብ፡ ካብ 500 ክሳብ 700 ሚ.ሜ ክበጽሕ እንከሎ፡ ኣብ ምዕራባዊ ጐላጉል ካብ 350 ክሳብ 500 ሚ.ሜ፡ ኣብ ከባቢ ሰሜናውን ምብራቓውን ጐላጉል 200 ሚ.ሜ፡ ኣብ ምብራቓዊ ጐላጉልን ጕምጕም ባሕርን ክሳብ ደቡብ ደንካልያ ዘሎ ድማ፡ ካብ 100 ሚ.ሜ ክሳብ 150 ሚ.ሜ ይበጽሕ።

ትሕተ ባይታዊ ማይ ብመጠን ዝናብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብጂኦሎጂካዊ ኣቀማምጣ፡ ዓይነትን ኣገጻጽፋን ኣኻውሒ፣ ዓይነትን ንድቅን ሓመድ ዝርከበሉ ዕምቈት፡ ብዝሕን ዓይነትን ማይ ዝፈላለ'ዩ። ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ትሕዝቶ ትሕተ-ባይታኣዊ ማይ፡ ከም ቦታኡ ኣብ ዝተፈላለየ ዕምቈት ይርከብ፡ ነዚ ትሕተ-ባይታኣዊ ማይ ከም ኩነታቱ - ማይ ዝርከበሉ ዕምቈት፡ ዓይነት ኣኻውሕን ካልኦት ረቛሒታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ማለት ብናይ ኢድ ኩዕቶ፡ ማሺንን ድረልን ንኣገልግሎት ቀረብ ማይ ክውዕል ይኽእል።

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓድታትን ከተማታትን ምንጪ ማይ ንምውሓስ ዝተፈላለየ መጽናዕትን ዳህሳስን የካይድ። ኣብ ሃገርና ምንጪ ዘቤታዊ ቀረብ ማይ ካብ ትሕተ-ባይታ እዩ። ብዮቓቕን ብቕዓትን ውሑስ ማይ ንምርካብ፡ ዝሕለፍ መስርሕ ዳህሳስን መጽናዕትን ምሓር ዝተሓላለኸ፡ ልዑል ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ይሓትት። ነዚ ዝምልከት ኑቡሱ ዝኸኣለ ጽሑፍ ክቐርብ እዩ። ብዘኾነ እቶም በዚ መስርሕ መጽናዕቲ ሓሊፎም ዝተኻዕቱ ምንጪታት ማይ ዘድሊ ትሕቲ ቕርጻዊ ስርሓት ተዋዲዱሉም ናብ ዘቤታዊ ኣገልግሎት ቅድሚ ምውዓሎም፡ ብደረጃ ሃገር ከምኡ'ውን ብደረጃ ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ዝወጸ መምርሒ፡ ብቕዓቱ ብኣሃዱ ብቕዓት ማይ (ብላቦራቶሪ ማይ) ተመርሚሩን ብቕዓቱ ተረጋጊጹን ኣብ መስርሕ ትግበረ ፕሮጀክት ቀረብ ማይ ይበጽሕ።

ብዘወሳኺ፡ ማይ ህይወት'ዩ ክበሃል እንከሎ፡ ፍጡር ድሕሪ ኣየር ህይወት ንኽቕጽል ዘድልዮ ማይ እዩ። ማይ ብሞጁ ድማ ውሑስ ማይ። ኣብ ገለ ከም ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ማእከላይ ምብራቕን ዝርከባ ሃገራት፡ ብሰንኪ ዘይውሑስን እኹልን ማይ ዘይምርካበን፡ ህዝበን ንዝተፈላለዩ ምስ ማይ ዝዛመዱ ሕማማትን ድኽነትን ምስ ተቓልዑ እዩም። ብፍላይ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤሽያን ላቲን ኣመሪካን እዚ ክብ ኢሉ ዝተገልጸ ጸገማት ብዝያዳ ጊዜ ከም ዝርአ ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ማይ ይሕብሩ።

ማይ ህይወት'ዩ ክበሃል ከሎ፡ ጥቕሙን ረብሓታቱን ኣብ ዝተፈላለየ ቀጥባዊ ይኹን ማሕበራዊ ረብሓታት ዝርከበሉ ባይታ እዩ።

**ብሓፈሻ ውሑስ ማይ ንዘቤታዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንልምዓታዊ ስራሓትን ኣገልግሎትን ካብ ዝህቦ ረብሓታት ነዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፦**

- ንሕርሻዊ ልምዓት (ዘመናውን ያታውን) ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ፍርያት ዓሳ ኣብ ጥዑም ማይ፡ ንኢንዱስትርያዊ ልምዓት፡ ንትሕተ ቅርጺ፡ ንመመንጨዊ ሓይሊ ኢለክትሪክ፡ ንዝተፈላለየ ቱሪዝማዊ ኣገልግሎት፣ ስፖርታዊ ንጥፈታት፣ ንኢንዱስትርን ተክኖሎጂን፡ ንመጉዓዝያ (ውሓይዝ፡ ቀላያትን ባሕርን)፡ ምዕቃብ ኣከባቢ ወዘተ. ብሓፈሻ ማይ ንኹሉ ማሕበረ ቀጠባዊ ህይወት ደቂ ሰብ መትኒ ጸላዊ እዩ። በዚን ካልእ ተመሳሳሊ ህያብት ማይን፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለምና እተን ንጹጋ ማዮን ብውሕሉል ኣገባብ ኣብ ዝተፈላለየ ልምዓታዊ መደባት ዘውዕልኦ፡ ኣብ መቝዐሮ ህዝበንን ዕብየተንን ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበራዊ-ፍትሒ ህዝበን ወሳኒ ግደ ከም ዝጻወት ኣየጠራጥርን። ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ናይ ዝተፈላለየ ትካላት'ውን ብዘይ ማይ ውሑስ ኣገልግሎት ክህብ ኣይክእልን እዩ።


ዓለምና በጺሓቶ ዘላ ስልጣነ ተክኖሎጂካዊ ስነ ፍልጠት፡ እኳ'ም ማይ ልዑል'ዩ። ምናልባት ማይ ህይወት'ዩ ክበሃል እንከሎ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ዝርአ ምቕራሕ ናይ ማይን ኣብ ተፋሰስ ዝርከብ ጉረባብቲ ሃገራትን ኣብ ዘይተደለየ ግርጭትን ባእስን ከም ዝበጽሕን ዝኸበደ ውግእ ክልዓል ከም ዝኽእል'ውን ምግንዛብ የድሊ። ኣብ'ዚ ኣብ ምቕራሕን ምሕደራን ባህርያዊ ጸጋ ማይ ድማ፡ ጥንቃቐ ይሓትት። ኣብ ወህድ ምሕደራን ሽርክነትን ዝኣምና ንማይ ከም መሰረት ምዕባለን ሰላምን ዝተቐበለኦ ኣብ ሰላማውን ጸቡቕ ርክብት ዘለወን ሃገራት፡ ብመንገዲ ግዙኣተ ባሕሪ ይኹን ኣፍላጋትን ዝንቀሳቐሳ ዓበይቲ መራኽብ ንግድን መጉዓዝያን ከምኡ'ውን ምግፋፍ ባህሪያዊ ጸጋታት ብምርድዳእን ግቡእ ውዕልን ስምምዓት ብምኽታምን ክትግበር ዝበለጸን ወጽኢታውን እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ኣብ ጸቡቕ ቀጠባዊ ልምዓትን ህንጻትን ዝበጽሓን ተጠቃምቲ ጸጋታት ማይ ዝኾናን ሃገራት ብዙሓት እየን።

ብሕጽር ዝበለ ጸጋታት ማይ መዓልኡ ብዘየገድስ፡ እኹልን ውሑስን ምስ ዝኸውን፡ ተራብሕን ተመላላእን ብምዃኑ ኩለንተናዊ ዕብየትን ርግኣትን፡ ብኣንጻሩ ውሑስ ምስ ዘይኮውን ድማ ጠንቂ ሕዱር ድኽነትን ህወከትን ብምዃን ኣብ ዓንኬል ድኽነት የንብረና። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንጸጋ ማይ ከም ስትራተጂካዊ ጸጋ ምዃኑ ኣብ ማክሮ ፖሊሲ፡ ፖሊሲታት ማይን ካልኦት መምርሒታትን ጸጋ ማይ ብንጹር ኣቐሚጥዎ ይርከብ። ኣብ'ዚ ግን፡ ጸጋ ማይ ከም ባህርያዊ ሃብቲ ንምምዝማዙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምልምዑን ካብ ኩሉ ዓይነት ብኸላን ሓደጋታትን፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ንምጉዳልን ምክልኻልን ኣበርቲዑ ይሰርሕ ኣሎ። መንግስትን ህዝብን ንውሕስነት ጸጋ ማይ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ፡ ኣብ ምኽዛን ጽፍሓዊ ማይን ምፍዋስ ማይ ክዮን ድማ ብፍሉይ፡ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ሂቦም ሰፊሕ ዕማማት የሰላስሉ ኣለዉ። ከም ወጽኢቱ ተኸዚኑ ዘሎ ጸጋ ማይ ኣብ ቀጠባዊ ዕብየት፡ ዝዋደድ ዘሎ ስርዓት ቀረብ ማይ ኣብ ጥዕናን ማሕበራዊ ህይወትን ዘምጽኦ ዘሎ መስተርሀፆት ብሩህ መጻኢ ዘበሰር እዩ። ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ተዋዲዱ ዘሎን ኣብ ምውዳድ ዝርከበን ስርዓት ቀረብ ማይ፡ ከም ብሌን ዓይንና ክንከናኸኖን ናብ ዝበለጸ ኣገልግሎት ክነዕብዮን ድማ ናይ ነፍሲ-ወከፍና ሓላፍነት እዩ።









# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኽልእ ገድሊ ንናጽነት

### ኣብ ጉጅለ ባህሊ ኣ' ሰሙድ ዘጋጠመ ድንገት

ተጋዳላይ ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ፡ ዝያዳ ብወዲ ሽቓ'ዩ ዝፍለጥ። ኣብ ደቂ-ሽሓይ ን/ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ተወሊዱ ዝዓበየ'ዩ። ዕድመኡ ንገድሊ ምስ ኣኸለ ምስ መንእሰያት ናይ'ቲ ከባቢ ምስኦም ኣብ ዓዱ ዝበፁ ተጋደልቲ ተሓኤ ተወዲቡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይሳተፍ ነይሩ። የግዳስ፡ ኣብ ተሓኤ ባህ ዘይብሎ ነገራት ክዕዘብ ጀመረ። ብዛዕባ ህ.ግ. ድማ፡ ደስ ዘብሉ ወረታት ክሰምዕ ስለ ዝጀመረ፡ ኣብ 1978 ናብ ህ.ግ. ክስለፍ ወሰነ። ብቐጥታ ካብ ዓዱ ናብ ወኪ ዛግር፡ ካብኡ ናብ ፍልፍል ሰለሙና ድሕሪ ምውራድ፡ ምስኦም ኣብኡ ዝተኣኻኸቡ ዝበሩ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ናብ ሳሕል ወረደ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም እምሞጊመ ንሰለስተ ኣዋርሕ ተዓሊሙ ድማ፡ ናብታ ኣብ ሰምሃር ከባቢ ወቐሮ ዝበረት ብርጌድ 44 ተመደበ። ኣብ ከባቢ ባጽዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ምዝላቕ ኩይኑ ኩሉ ህዝባዊ ሰራዊት ናብ ሳሕል ክወርድ ከሎ፡ ንሱ ዝበራ ብርጌድ 44 ግን ኣብ ድሕሪ መስመር ክትጸንሕ ተወሰነ።


ኣብ እዋን ሓምሻይ ወራር 1979፡ ክልተ በጦሎኒ ብርጌድ 44 ናብ ሳሕል ክወርዳ ከለዋ፡ ሽዑ'ውን እታ ንሱ ዝበራ በጦሎኒ ሓደ ናይታ ብርጌድ ድሕሪ መስመር ተሪፋ፡ ደባይን ተንቀሳቓስን ዓውደ ኩናት እናካየደት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ተውርድ ነይራ። ወዲ-ሽቓ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ውግእ፡ ክራሩ ብምቅናይ ጸንዓትን ሞራልን ዝህብ ዜማታት ክደርስን ክቕርብን ጀመረ። ሽዑ እዋን ነታ ኣብ ድሕሪ መስመር ተሪፋ ዝበረት በጦሎኒ፡ ካብ ሳሕል ብዓል ሚካኤል የውሃንስ ሐዙማ ዝመጽኡ ሓንቲ በጦሎኒ ተዋጺኣ ምስ ተጸንበረታ'ዩ ኣብ 1980 ብርጌድ 80 ዝቖመት። ወያ ድሕሪ ኩሉ ብርጌዳት ህ.ግ. ዝተመስረተት ብርጌድ 80 ኮይኑ፡ ልክዕ ከምተን ኣብ ሳሕል ቀይመን ዝበራ ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳት፡ ኣብ ፎሮ ናተይ እትብሃል 10 ዝኣባላታ ጉጅለ ባህሊ ማሰረተት። ወዲ-ሽቓ ድማ ካብ



ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 80

ማሰረትቲ ናይታ ሓዳስ ጉጅለ ባህሊ ኩይኑ።

ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 80 ምስ ተመስረተት፡ ኣብኢ ፈለማ ብዘይካ እተን ብወዲ-ሽቓን ብጹቱን ዝጽወታ ክራርን ከበሮን ካልእ መሳርሒ መዚቃ ኣይነበረን። ተጋዳላይ ግን ስለ ዘይሕለል እናተጣበበ ናይ መዚቃን ደርፍን ክእለት ዝበሮም ኣባላትን መሳርሒታትን ክወሰኽ ሓርኮትኮት በሎ። ኣብታ ዓመት እቲኣ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝበረት ጉጅለ ባህሊ 58 ናብ ድሕሪ መስመር መጸት። ሽዑ እታ ጉጅለ ባህሊ ኣብ ድሕሪ መስመር እንኮላይ ኣብ ትግራይ ዑደት ትገብር ስለ



ደምጻዊ ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ (ወዲ ሽቓ 1983)

ዝበረት፡ ኣብኣ ድማ ህቡባት ደረፍቲ ከም ብዓል ተስፋይ መሓሪ (ፍሒራ) ስለ ዝበሩ፡ ምምጻእ ጉጅለ ባህሊ 58 ኣብ ድሕሪ መስመር ንዕበየትን ተመክሮን ናይታ ውልዶ ጉጅለ ባህሊ ብ/80 ሓጊዚ ነበረ። ኣብ ምብራቕ ኩሳ ከበሳታት ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ከይተረፈ ትንቀሳቐስ ነበረት። ጉጅለ ባህሊ 80 ድማ፡ ምስ ጉጅለ ባህሊ 58 እናተንቀሳቐሰት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ትግራይ ማለት ዓዲ ኑብሪ ኣዲ፡ ዓዲ-ሃገራይ፡ ዓዲ-ዳዕሮ፡ ታሕታይ ኣዲያቦ ከምኡ'ውን ኣብ ደያቢት ብምኻድ ነቶም ኣብኡ ዝዕለሙ ዝበሩ ተዓላሞ ወያነ ምርኢት ኣቕረበት። ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 80 ነቲ ዝግበር ዝበረ ምርኢታት እናተዓዘበት ኣብ ገለ'ውን ዕድል ተዋሂብዋ ምርኢት እናቕረበት ብብቑሩብ ብሰብን መሳርሒ መዚቃን ክትድልድል ጀመረት።

ሽዑ ጉጅለታት ባህሊ ህ.ግ. ጥራይ ኣይኮነን ናብ ትግራይ ዝኸዳ። እንኮላይ እቶም ካብ ክፍሊ ዜና ዝመጽኡ ብዓል ሂላል፡ ኣማኑኤል ሓድጉ (ባርያ)ን ሩት ስምኦንን ናይ ሰእሊ ካሜራታትን ዝተመልአ ቪደዮ ካሴታትን ሐዚኖም ንተጋደልቲ ወያነ ምስ ዓለም ምእንቲ ክፋለጡ ተባሂሉ፡ እታ ካብ ሳሕል ዝመጸኣት ጉጅለ ዜና፡ ዝተፈላለየ ናይ ቪደዮ ምርኢታት እናቕረበትን ሓደሽ ቪደዮታትን ደረቕ ስእልን እናሰኣለትን ኣብ ትግራይ ቀጸየት። እዚ ድማ፡ መርኣያ ምሕዝነት ሰውራ ኤርትራን ወያነ ትግራይን ንምጕላሕ ከም ዝበረ ኣባል ናይ'ታ ጉጅለ ሰኣሊቲ ዝበረ ኣማኑኤል ሓድጉ ነቲ ወዲ-ሽቓ ዝበሎ ዑደት ኣብ ውሽጢ ትግራይ እንታይ ዕላማ ከም ዝበሮ የብርሆ።

ድሕሪ'ዚ እታ ካብ ሳሕል መጺኣ ዝበረት ጉጅለ ባህሊ 58፡ ነቲ ኣብ ድሕሪ መስመርን ትግራይን ዝበረቶ ዑደት ዛዚማ ናብ ሳሕል ክትምለስ ከላ፡ ጉጅለ ባህሊ ብ/80 ድማ ንብሉል ድሕሪ መስመር ኩነት። ሓደስቲ መዚቀኛታት ደረፍትን ከም ብዓል ኣርን ኣብርሃምን በረኸት ኣርኣያን ካብኦም ክጥቀሱ ዝኽእሉ መዚቀኛታት ነበሩ። ካብ ስዑዲያ ዝተገዝኣ መሳርሒታት መዚቃ ምስ ዓጠቐት ኩይኑ፡ ምስተን ናይ ሳሕል ጉጅለታት ባህሊ ክትወዳደር ከኣለት። ንተዋስኦን ዩኒፎርምን ዝኸውን ኣልባሳት ድማ፡ ካብ ፎሮን ካልእ ቦታታትን ገዝኣት። ብተወሳኺ ደቂ ኣንስትዮ ደረፍቲ ስለ ዘይበራ፡ ሽዑ ኣብ ቀያሕቲ ዕንጋብ ዓላ ትደርፍን ደርፍታት ብዓል ጓል ኣዝከረን ካልኦት እናደገመት ጸቡቕ ደምጻን ክእለትን ዝበራን ጓል ኣብ ዓይኒ ናይታ ጉጅለ ባህሊ ዓለበት። እዚኣ፡ እታ ደሓር ናብታ ጉጅለ ባህሊ ዝተጸንበረት ኤልሳ ኪዳነ ነበረት።

ካብ 1980-83 ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 80 ኣብ ድሕሪ መስመር እናተቀሳቐሰት ንህዝብን ተጋደልትን መሳጢ ምርኢታት ተቕርብ ኣብ ዝበረትሉ እዋን፡ ብወዱ-ገብ ኩሳ ጦር-ሰራዊት ሓያለ ሓደገኛታት ድብያታትን ወፍርታትን የጋጥማ ነበረ። እዚ ድማ፡ ተራ ባህሊ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዕዙዝ ከም ዝበረ ጸላእትና ኣዳዕዲያም ይፈልጡ ስለ ዝበሩ እዩ። ምስ ምጅማር ሻድሻይ ወራር ብርጌድ 80 ነቲ ወራር ክትምክት ካብ ከበሳ ናብ ሳሕል ስለ ዝወረደት እታ ጉጅለ ባህሊ ግን ኣንጻር ኩሉ ተጻብኦታት ጸላኢ እናተቖራቖሰት ኣብ ድሕሪ መስመር ምርኢት ተቕርብ ነይራ። ኣብ 1983 7ይ ወራር (ሰላሕታ) ጀመረ። ብርጌድ 80 ድማ፡ እቲ ምስ 7ይ ወራር ዝተመስረተ ግንባር ሓልሓል ዓረደት። ሽዑ እቲ ኣብ ድሕሪ መስመር ተሪፉ ዝበረ ክፍልታት ናይታ ብርጌድ ድሕሪ ገለ እዋን ናብ ግንባር ሓልሓል ወረደ። እታ ጉጅለ ባህሊ'ውን ካብ ከበሳ ወሪዳ ማእከላይ ቦታኣ ኣብ ዛራ ገይራ ቀዳማይ ምርኢታ ነቶም ኣብ ሕክምና ዛራ ዝበሩ ውጉኣትን ካልኦት ክፍልታት ወድባን ኣቕረበት። ቀጺሊ ልምምዳትን ዑደትን እናገበረት ድማ፡ ንህዝባዊ ሰራዊትን ህዝቢን ዘጕሰጕስ ምርኢታ ኣብ ግንባርን ደጀንን ቀጸለት።

እታ ብሰላሕታ ወራር እትፍለጥ ዓመት 83 ተወዲኣ፡ 84 ድማ ዓወት ድሕሪ ዓወት ሓዚላ ደበኽ በለት። ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ዘላ ከተማ ተሰነይ ኣብ ወርሒ ጥሪ ሓራ ኩነት። ኣብ ወርሒ መጋቢት ድማ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንኣስታት 5 ዓመታት ዓሪዱ ዝበረ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ መግዛእታዊ ሰራዊት'ውን ተደምሰሰ። ኣብ ግንቦት ናይታ ዓመት ድማ 33 ነፈርቲ ኣብ ሕምብርቲ ኣስመራ ብጀጋኑ ኮማንዶ ህ.ግ. ተቓጺሉ። እታ ዓመት ድማ ዓቢ ነጥቢ-መቐይሮ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ኩነት። ሽዑ እቲ ብብርጌዳት ዝበረ ኣቃውማ ህ.ሰ. እውን ናብ ክ/ሰራዊት ዝተሰጋገረሉ እዋን ኩይኑ፡ ምስ ምቛም ክፍላተ ሰራዊት እታ ኣብ ግንባር ሓልሓል ብወገን ሩባ ዓንሳባ



ደምጻዊ ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ (ወዲ ሽቓ 2025)

ዓራዳ ዝበረት ብርጌድ 80 ምስታ ኣብ የማናይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ ምስኣ ኣሰራ ዝበረት ብርጌድ 51 ከም ሓደ ክ/ሰራዊት ቆመ። እተን ሰለስ ኣባላት ዝበሩወን ክልተ ጉጅለታት ባህሊ'ውን ብስም ክ/ሰራዊት 52 ኣብ ሓደ ክጸንበራ ከኣላ። ቀጻሪ ኣባላተን ዝኸየን ድማ፡ መጀመርታ ኣብ መልመለት ቀጺላ ድማ ኣብ ጋራሲ (ጣሕራ) ቀዋሚ ቦታ ብምሓዝ፡ ኣብኡ ሓደሽ መሳርሒታት መዚቃ ዓጠቓ፡ ምስቲ ህሉው ኩነታት ዝሰይድ ደርፍታት፡ መዝሙር፡ ግጥምታት ተዋስኣታት ወዘተ ደራሰን ተለማሚዳን። ድሕሪ ፍሸለት 8ይ ወራር ኣብ ክረምቲ



ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 58

1986 ንፈለማ ግዜ እታ ጉጅለ ባህሊ ኣብ ኢያቤል ምምስራት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ኣዶብሓ ዝግበር፡ መበል 25 ዓመት ዓቢ ጽንብል ዝዘዘም ሰፊሕ ዑደት ናብ ደጀን ጀሚራ።

እታ ጉጅለ ባህሊ ካብ ጋራሲ ተበጊሳ ነቶም ኣብ ሓሰታ ዝበሩ ተዓላሞ ፈላሚ ምርኢታ ፈለመት። ድሕሪ ሓሰታ፡ ሂምቦል፡ ናቕፋ፡ ኣንቀር ጸለም፡ ሸግለት፡ ሓለበት፡ ኣራግ (ቤት ትምህርቲ ካድር ባቶስ)፡ ዓምበርበብን ሕሸኹብን ድሕሪኡ ድማ፡ ብሂምቦል ገይራ ኣብ ዓረርብ ንቤት ትምህርቲ ሰውራን ክፍልታት ውድብን ክልተ ሰላሳቢን መሳጥን ምርኢታት ኣቕረባ። ካብቲ ሽዑ ዝድረፍ ዝበረ ደርፍታት ናይታ ጉጅለ ባህሊ፡ ወለዱ፡ መንእሰይ፡ ቀያሕ በዃር ሓዩት ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል።

ድሕሪ እዚ ድማ'ያ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ፡ ናብታ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝኾለ ዝበረ ብመዓስከር ሰለሙና ዝፍለጥ እንዳ ህዝቢ ከይዳ ድማ፡ ኣብኡ ካልእ ምርኢት ኣቕረባ። ህዝብን ተጋደልትን ዓሸ እናበሉ ብዕልልታን ጣቕዒትን እናሰደዳ፡ ነቲ ዝቐጸለ ጉዕዞኣ ምራልን ተስፋን ሰኒቓ ናብቲ ኣብ ኣዶብሓ ክግበር ምድላው ዝግበረሉ ዝበረ ኢያቤል ምምስራት ብረታዊ ቃልሲ ክትሳተፍ ድማ፡ ዓቢ ተስፋ ገበረት።

ህዝቢ መዓስከር ሰለሙና ግን ነቲ ምኡዝ ምርኢት ጉጅለ ባህሊ ኣ'ሰሙድ ካልኣይ መዓልቲ ክድገመሎም ጠለብ ኣቕረበ። ግብጃ'ውን ኣዳልዮም ስለ ዝበሩ እታ ጉጅለ ባህሊ ምስኦም ክትውዕል እናተመጽኡ ምስቲ ዝጸበዩዎ ዝበረ ዓቢ መደብ ፍርቂ ኣባላት ናይታ ጉጅለ ባህሊ ምሉእ መሳርሒታታ ሒዞ ናብ ኣዶብሓ ነቐለት። እቶም ዝተረፉ ፍርቂ ኣባላት ድማ፡ ካልኣይ መዓልቲ ከርከቡ እዩ ነይሩ እቲ ሓሳብ። እንተኾነ፡ ኣብዛ ምሸት እዚኣ ሰማይ ዓረርብ ብጸለም ደበና ተሸፊኑ ነበረ። እቲ ዝጠዘለ መንገዱ ሩባሩባ ዝኸይድ ካብ ላዕላይ ዓረርብ ተኣኻኺቡ ዝወርድ ሩባ ሓደ ዓቢ ሩባ ፈጢሩ ናብ ዓይተዋይ ገጹ ይፈስስ። መኪና ምስቲ ሕማቕ መንገዲ ለመም እናበለት፡ እቶም ኣብ ጋቢናኣን ዝባናን ዝተወጥሑ ኣባላት ጉጅለ ባህልን ሓደ ክልተ ጦረኛታት ድማ፡ ናብቲ ናብ መሬት ዘጠጡ ዝበረ ጸለም ደበና እናኣማዕደዉ ጉዕዞኦም ንቅድሚት ቀጸሉ።

ሩባታት ዓረርብ ኣብ ሓደ ምስ ተጸንበረ ሓደ ደርማስ ሩባ ብምፍጣር፡ ኩሉ እቲ ካብ ጎቦታት ዓረርብ ዝተዋህለለ ብርቱዕ ዝናብ ዝፈጠሮ ዓርሞሾሻዊ ውሕጅ በቲ ልሙድ መንገዱ ክፈስስ፡ እታ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣ'ሰሙድ ተሳፊሮማ ዝበረት መኪና ድማ፡ ቡታ ፍልጥቲ መንገዳ ናብቲ ውሑድ ዝመጽኣሉ ኣንፈት ክትድይብ ሓደ ኩይኑ። እታ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣ'ሰሙድ ምስ ኩሉ መዚቃዊ መሳርሒታቶም ተሳፊሮማ ዝበሩ ኢሱዙ ዝዓይነታ መኪና ግን ንሳን ተሳፈርታን ዕድል ኣይገበሩን። እታ መኪናን እቲ ብርቱዕ ውሕጅን ኣብቲ ጸቢብ ሩባ ጎፍ ንጎፍ ተራኸቡ። ሽዑ'ዩ እቲ ትራጀዲካዊ ፍጻመ ዝተፈጥረ። እቲ ውሕጅ ጎቦ ክመስል ኣብቲ ጸቢብን መጥወዩን ዘይብሉ ሩባ ምስ ተራኸቡ፡ ነታ መኪና ምስ ተሳፈርታን ንብረታን ከዳላበወ ከም ጻሕሊ ሓፍ ኣቢሉ ክጠምጥሎ ሓደ ኩይኑ። መኪና ኣርባዕተ ጎማኣ ንሰማይ ኣንቃዕሪሩ ኣብ ማእከል እቲ ውሕጅ ምስ ጸዕነታ ተገምጠለት። ድሕሪኡ'ኸ …?

**ይቕጽል**

**ኣዘንታዊ፡ ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## .VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project Field Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Number required: Three (03)**

**Primary Purpose**

- Supervise different projects at the same in a 'hands on' role with several both skilled and semi skilled national artisans to construct new buildings (Steel Structures, Electrical Civil Works, Pipelines and Excavations) whilist using equipment and personal available on the Mine. Perform regular Safety Inspections, following a scheduled work plan, reporting back on work progres and ensure costs are within the budget.
- In addition, position is responsible to identify and order relevant parts and materials required for construction, following site procurement procedures. The position will include overall civil, structural, electrical and mechanical construction responsibilities ensuring all works carried out are done in a safe manner, Engineering Standard, in compliance to site HSEC regulations.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation
- Writing Reports & Data Control
- Supervise/Manage team

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically and medically fit.
- Skills: Project Engineers should have strong technical skills in engineering principles and practices. They should also have excellent communication and leadership skills, problem-solving skills, attention to detail, time management skills, and flexibility.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
| --- | --- |
| ○ Must have degree or diploma in engineering, construction management, or related field.<br>○ 10+ years experience in project management, with a focus on construction projects.<br>○ Proven ability to manage multiple projects simultaneously within budget and timeline constraints. | ○ 10 years relevant experiences in construction with in Process Plant Industry<br>○ Experience: Previous experience in engineering or project management is typically required. The amount of experience required may vary depending on the project's complexity.<br>○ A Project Engineer is responsible for managing a project's engineering and technical aspects. This includes coordinating with various teams, managing schedules, ensuring adherence to quality standards, and providing technical guidance to team members. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate), Mechanical and Maintenance experience, Attention to detail, Analytical skill, Problem solving skill, Supervisory Experience, MS Project Skills, Strong understanding of construction methods and materials | ○ Excellent Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of Accuracy, Self-motivation, Dedication to safety, Time Management, Leadership |

2. **General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/ last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

ብስም መሓሪ ኪ.ዳ ደሱላቅ፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ጸሎት ብመወከሲ ቁጽሪ 000618 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 002302 ፕሎት 24 ፓርሰል H ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07441780 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይሮይሩ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

መሓሪ ኪ.ዳ ደሱላቅ

---

### ምስጋና



ብሃንደበታዊ መስዋእቲ ኣዚና እንፈትዎን ነኽብሮን ተጋዳላይ ሌ/ኮ ጊደዎን ጉብረእግዚኣብሄር፡ ዝተሰመዐና ሓዘና እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ተመላሊስኩም ዝበጻሕኩምናን ካብ ውሽጢን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ለምለም ምስ ደቁ፡፡

---

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ወደይ ተጋዳላይ ናይ 90 ኣማኑኤል ጸገ በራኺ፡ መሪር ሓዘን እናተሰመዓና፡ ካብ ሃገረ ኡጋንዳ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዓቢ ግደ ዝተጻወትኩም የሴፍ ኣማኑኤልን በረኸት ምስዮናን ከምኡ'ውን ሓገዘኩም ዝወፈኹም ደቂ ከረን ኣብ ደገ ዘለኹም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር፡፡

ኣዴኡ ወ/ሮ ጸገ ጎይትኦም ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

# “ምሕያል መንእሰያት፡ ዕቱብ ቆላሕታ ተዋሂቡዎ ክሰርሓሉ'ዩ” ሃማመተኤ ዞባ ማእከል

ዳህላክ ነጋሲ

ብሓሙስ 18 ታሕሳስ፡ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ገምጋም ስራሕ 2025 ኣካይዱ። ኣብቲ ገምጋም እተፈላለየ ንኡሳን ዞባታት፡ ክፍልታትን ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ጸብጻብ ስራሕ ናይዛ ኣብ ምዝዛም እትርከብ ዓመት ኣቕሪበን። እቲ ኣብ ክልተ እብረ - ቀድምን ድሕርን ቀትሪ ዝቐረበ ገምጋም፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት ዝተፈጸመ ከምኡ'ውን ዘበረ ሕጽረታትን ኣብ ዝቕጽል ዓመት ክትግበር ዝተወጠነ መደብ ስራሕን ዝሓቘፈ ነይሩ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ገምጋም ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶን ክፍለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ካብቲ “ብኹለንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ምህናጽ” ዝብል ራእይ ማሕበር ብምብጋስ፡ ኣብ ዓመት 2025 ከለንትናዊ ንቕሓትን ውዳበን መንእሰያት ንምብራኽ ዒሊሙ ብምውህሃድ ምስ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ከም ዘተግበረ ሓቢሩ። ቀጺሉ፡ ኣብቲ ገምጋም ኣብዚ ዓመት ዝተኻየደ ንጥፈታት 13 ንኡሳን ዞባታት፡ ክፍልታትን ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ከም ዝቐርቡ፡ ገለ ንኡሳን ዞባታት ብዘተፈላለየ ምኽንያት ጸብጻብ ከም ዘየቕረባ እውን ወሲኹ ገሊጹ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ንሎሚ ኣብ



ገምጋም ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ዝቐረበ ዓመታዊ ጸብጻብ ንገለ ክፋሉ ክንድህስስ ማለት እቲ ብክፍሊ ፕሮጀክት፡ ክፍሊ ፖለቲካን ውዳበን፡ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ከምኡ ድማ ውድብ ሰራሕተኛታት መንእሰያት ክንድህስስ ክንፍትን ኢና። እቲ ጸብጻብ እተፈላለዩ ንኡሳን ኣርእስታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ብምልኣት ዝተዓመ፡ ግና ዘይተተግበሩ፡ ንህልው ኩነታትን ካልእን ዝገልጽ ትሕዝቶ ዘጣመረ ነይሩ።

ኣብቲ ብክፍሊ ፕሮጀክት ዝቐረበ ጸብጻብ ምስ እንምልከት፡ ኣብ 2025 ንመንእሰያት ሞያዊ ስልጠና ብርትዓዊ ዋጋ ከምዝተዋህበ፡ ከም መቐጸልታኡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰረጀቓን ጋሉፍሕን ን292 መንእሰያት ስልጠና ስጉጽባቕ ጸጉራ ርእሲ ክውሃብ እንከሎ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰፃብል፡ በረኽ፡ ጋሉፍሒ፡ ኣኽርያ፡ ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ገጀረት፡ ፓራዲዞ ፡ ሰረጀቓ ፡ ማእከል ከተማ፡ ቲራቮሎን ገዛ-ባንዳን ን31,143 መንእሰያት ብዋዕበሪ ዝተሰረ ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ስልጠና ከም ዝተኻየደ ተገሊጹ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጋሉፍሕን(ሕምብርቲ) በረኽን ድማ፡ ናይ ድራማን ስጉጻሑፍን ስልጠና ን31,204 መንእሰያት ከም ዝተዋህበ ተጠቒሱ። ብተወሳኺ፡ ምስ መሰልጠኒ ማእከላት ብምርድዳእ ብሕደሎ ዋጋ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ-ኣስመራ ን319 መንእሰያት ብ7 ዓይነት ስልጠናታት ከም ዝሰልጥኑ ክገበር እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ ኣብ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ 290 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 492 ተመሃሮን መንእሰያትን ትሽዓተ ዓይነት ስልጠናታት ከም ዝተዋህበ ተሓቢሩ።



ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምስ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ሕርሻን ብምትሕብባር ውድድር ከምኡ'ድማ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ቀሪቡ ነይሩ። በዚ ከኣ፡ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል 72 ፍርያት ከምዝቐረበ ተገሊጹ። ካልእ፡ ምስ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ብምትሕብባር እውን ንኡሳን ዞባታት ኣብቲ ምርኢትን ውድድርን ከምዝሳተፉ ተሓቢሩ።

ብድሕር'ዚ ብክፍሊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድማ፡ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንባባ ብዘይካ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዕዳጋ ሓሙስ፡ ማይ-ተመናይ፡ ቲራቮሎ ብደረጃ ዞባ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ከም ዝቖሙ፡ ኣብ'ተን ጉጅለታት 212 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 374 ኣባላት ከም ዘለዉ ተጠቒሱ። ካልእ፡ ብዘሒ ኣባላት ፈተውራሪ እውን 1,718 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ብድምር 2,884 ብዝሒ ኣባላት ክህሉ እንከሎ፡ ኣብ ሕመረት ተጠርኒፎም ዘለው ከኣ 1,429 ደቂ-እንስትዮ ዝርከብኦም 2,268 ተማሃሮ ምዃኖም ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መጀመርያ ናይዚ ዓመት ኣብ ውዳበ ማእከላይ ደረጃ ካድር 515 ኣባላት ነይሮም። ካብዚኦም 231 ተማሃሮ ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻም ናብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ ከም ዝኸዱ መብርሂ ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ብዝሒ ኣባላት ሰፊሕ ውዳበ 71,380 ኮይኑ፡ ካብዚ'ቶም እተን 35,410 ተማሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን ጸብጻብ እቲ ክፍሊ የረድእ። ካልእ፡ ስሩዕ ሰሙናዊ ርክብ ኣኼባ ኣካል ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ከም ዘይፈልጠ ተገሊጹ።



ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሰፊሕ ሰልጠና ማእከላይ ደረጃ ካድር ንተመሃሮ 10ይ ክፍሊ ብደረጃ ዞባ ከም ዝተኻየደ፡ እቶም ተማሃሮ ካብ ኩለን ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ብኣካዳምያዊ ብቕዓቶም፡ ስነምግባሮምን ወለንታውነትን ዝተሓረዩ 135 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 232 ካድራት ክኾኑ እንከለው፡ ከምኡ'ድማ 15 ሰልጠንቲ ካብ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ከም ዝተሳተፉዎ ተገሊጹ። እቲ ንክልተ ሰሙን ዝወሰደ ጽዑቕ ስልጠና፡ ኣብ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ሃማመተኤ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣድላይነትን ግደን ፖለቲካ ካድር፡ መንእሰያትን ሃገራዊ ኣገልግሎትን፡ ትርጉም ስጉሓሳብ፡ ኣዕኑድ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ስጉልቦና ዓወት፡ መንእሰያትን ስጉቀጠባን፡ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን መንእሰያትን፡ ዕቃብ ኣከባቢ፡ መበኣታ ሃይማኖትን ፍልስፍናን ንዝብል ኣርእስታት ብምኩራት መምህራንን ኣሳታፊ ኣገባብ ኣመሃህራን ከም ዝተዋህበም ተሓቢሩ።

ከምኡ'ውን፡ ሰፊሕ ሰልጠና ሕመረት ን1,247 ተመሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ከም ዝተዋህበ፡ እቲ ንክልተ ሰሙን ዝወሰደ ጽዑቕ ስልጠና ኣብ ታሪኽ ኣመዓባብላ ሃገረ ኤርትራ፡ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ማሕበር፡ ወለንታውነት፡ ጸቕጢ መዛኑ፡ ስጉኣእምሩራዊ ኩናት፡ ስጉምግባር፡ ግጭታትን ኣፈታትሕኡን፡ ሜላ ምብህሃልን ኣቀራርባ መግለጺን፡ ኣምራት ስፖርትን ጥዕናን ዝብል ኣርእስታት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ብመሰረት ዝወጸ ወጥን እቲ ስልጠና ብምሉእነት ከም ዝተዓመ ተገሊጹ። ብተመሳሳሊ ብኣካዳምያዊ ብቕዓቶም፡ ስጉምግባሮምን ወለንታውነትን ዝተሓረዩ 2,357 ኣባላት ፈተውራሪ ማለት ተማሃሮ ሻሙናይ ክፍሊ እውን ሸዱሽተ ኣርእስታት ዝሓፈነ ስልጠና ከም ዝተሰረዐሉ ኣብቲ ኢጋጥሚ ተገሊጹ።

ኣብ ወርሒ ግንቦት መዘዞሚ ጽምብል ሰሸኻዊ ስልጠናታት ፈተውራሪ ሕመረትን ማእከላይ ደረጃ ካድርን ብደረጃ ዞባ ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ኣብ ሲነማ ሮማ ከም ዝተኻየደ፡ ኣብቲ መደብ ንኹሎም ዕውታት ሰልጠንቲ መጽሓፍቲ፡ መዳልያታት፡ ዋንጫ፡ ታርጌታን ብሽክለታን ክሽለሙን ክተባብዑን እከለዉ፡ ኣብ ምዕዋት ሰሸኻዊ ስልጠናታት ኣበርክቶ ዝገበሩ ወልቀሰባትን ትካላትን ካብ ኣድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ምስክር ወረቐትት ተዓዲሎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ንብሉጻት ተማሃሮ 8ይ ክፍሊ ዝውሃብ ሽልማት ፈተውራሪ ኣካዳሚ ኣዋርድ እውን ኣብ ኣዳራሽ G3 ኤክስፖ ሳዕሰዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን ወለድን ተመሃሮን ኣብ ዝተረኽቡሉ ን148 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 241 ተማሃሮ ተዓዲሉ።

ብተወሳኺ፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤክስፖ 2025 ኣብ ምዕዋት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል - ብመሰረት ብኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት ዞባ ዝተዋህበ መደብ ስራሕ መሰረት ኣብ ኮሚቴ ኤግዚቢሽን ኣኼመንዝር ኮሚቲ፡ ኣብ ኮሚቲ ያታዊ ትልሂትን መዘናግዒን ጸሓፊ ኮሚቲ ብምዃን ኑቲ ዝተሰርዐ መደባት ንምዕዋቱ ብደረጃ እተፈላለየ ንጥፈታት ከም ዝተኻየደ ተገሊጹ።

ካብዚ ብምቕጻል፡ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ብኣርባዕተ ኣሃዱታት ማለት፡



ፋይናንስ፡ ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን ዕድግን፡ መኽዘንን ፐርሶናልን ከም ዘጠቓለለ መብርሂ ቀሪቡ። ከምኡ'ድማ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት፡ ክፍልታት፡ ጨናፍር ሰራሕተኛታትን መሻርኽትን ዝቐርብ ጠለባት ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምርድዳእ ኣገልግሎት ዝሁብ ክፍሊ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሎሚ ዓመት ብመሰረት ዝወጸ ወጥን 69 ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ተማሃሮ ኣታዊ ከም ዝገበራ ተጠቒሱ። በዚ ምኽንያት፡ ካብ 70,773 ተማሃሮ ኣስታት 849,276.00 ናቕፋ ክፍሊት ኣባልነት ክእከብ እንከሎ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣስታት 1,684 ተማሃሮ ክፍሊት ከም ዘይፈጸሙ ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ውዳበ መንእሰያት ድማ 14 ትካላት ዓመታዊ ክፍሊት ኣባልነት ዝሓለፈ ዓመት ብምፍጻሞም፡ ብድምር 142,740.00 ናቕፋ ኣታዊ ከም ዝኾነ ኣብቲ ጸብጻብ ተፈሊጡ።

ካልእ፡ ብደረጃ ዞባ ዝጥለብ ብዝሒ ዓቕሚ-ሰብ 158 ኮይኑ፡ እንተኾነ እቲ ህልው ቁጽሪ 94 ስለ ዝኾነ፡ ዝምልከቶ ኣካል ሕጽረት ዓቕሚ-ሰብ ንምቕላል ክሰርሕ ለበዋ ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ክፍሊ ፕሮጀክት ብምውህሃድ ንትግባረ ናብ ንኡሳን ዞባታት ዝወረደ ብርትዓውን ሰማውን ክፍሊታት ዝውሃብ ሞያዊ


ኣቶ ሳምሶም ክፍለ

ስልጠናታት ድማ ምክትታል ከም ዝተዋደደ ተገሊጹ።

ብድሕሪ'ዚ ብውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ብኣካይዳ ኣካል ዞባ ምስ ኣባላት ባይቶ ወይ ኣካይዳ ኣካል ትካላት ዝግበር ርክብ መደባት ንምውዳእ፡ ንምክትታልን ንምግምጋምን ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ። እቲ ዕማም ምስ ኩሉ ጸዕቂ ናይ ኣደ ኣሃዱ ስራሕ፡ ኣብ ኩሉ ዝተዋደደ ንጥፈታት ብልዑል ተወፋይነትን ተሳታፍነትን ከም ዝትግበር ካልእ፡ ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሞያዊ ስልጠና ብዘዋጽእ ኣብ ምምዝጋብ ኩነ ናብ ማእከላት ስልጠና ኣብ ምምዳብ ከም ዝጠጥፍ ተሓቢሩ። ሎሚ ዓመት ሞያዊ ስልጠና ኣብ 14 ሞያዊ ማእከላት ዝዋሃብ ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብዚ 9ይ ዙርያ 1,291 ሰልጠንቲ ኣብ መሰልጠኒ ማእከላት ትምህርቶም ይከታተሉ ኣለው። እንተኾኑ ካብ'ቶም ዝተመዝገቡ ብዙሓት ስለ ዘይቀጸሉ፡ ኣብ ቀጻሊ ብኣተኩሮ ክሕሰቡ ከም ዝኾኖ ተጠቒሱ። ብተወሳኺ፡ ቅኑ መንእሰያት ናይ'ዛ ኣብ ምዝዛም እትርከብ ዓመት ንምኪያድ ኩሉ ምድላዋት ኣብ ምጽፋፍ ከም ዝርከቡ፡ ንመምሪሕኡን ትግበራኡን ዝምልከት ኣድላይ ዝርርባት ተኻይዱ ኣብ ወርሒ ጥሪ ክትግበር ምዃኑ ተሓቢሩ። ማእከል መንእሰያት ስለ ዘለለ ከኣ፡ ዝምልከቶ ኣካል ዘድሊ ደገፍ ክገብር ለበዋ ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ማእከል መንእሰያት ዘይምውዳዱ ወይ ዘይምህላው፡ ካብ'ቲ ብኹለን ንኡሳን ዞባታት ዝተላዕለ ኣርእስቲ ነይሩ።

ኣብ ምዝዛም'ቲ ገምጋም፡ ሃማመተኤ ከም መቐጸልታ ክካየዱ ዘጸንሐ ንጥፈታት ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ኣሐይሉ ክሰርሕ፡ ዝወጹ መምርሒታት ብዕቱብ ክትግበሩ፡ ተሳትፎ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ንምሕያል ጻዕርታት ክካየድ፡ ዘጋጥሙ ብድሆታት መፍትሒ ዝኾኑ ነጥብታት፡ ህልው ኩነታት መንእሰያት፡ መንእሰያት ኣብ ምምሃዝን ብቑዓት ኮይኖም ንኽወጹን ብደረጃ ማሕበር ክወሰዱ ዝግብኦ ስጉምትታት፡ ኣብ መንእሰያት ሓላሊፉ ዝረአ ኣሉታዊ ወልፍታት ንምግታእ መላእ ሕብረተሰብ ብንቕሓት ክከላኸሎን ካልእን ዝብሉ ብርክት ዝበሉ ሕቶታትን ርእይቶታትን ካብ ተሳተፍቲ ቀሪቦም።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ኣሞሪም፡ ዓወት ‘ቦክሲን ደይ’ መንፈሱ የሐዲሳ



ኣብ ግጥም ቦክሲን ደይ (26 ታሕሳስ) ማንዩናይትድ ንዚውካስል ዩናይትድ 1ብ0 ድሕሪ ምርታዓ ሩበን ኣሞሪም ኣብ ዘመነ ምስልጣኑ ካብ ዘፀገቡ ዓወታት ሓደ ብምባል ነቲ ጸወታ ንኢዱ።

ኣብቲ ፓትሪክ ዶርጉ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብዘደንቕ ብቖዓት ንመዐወቲት ሸቶ ዘመዝገበሉ ግጥም፡ ከም ፈርናንደስ፡ ብሩኖን እምቡዎ፡ ኣማድ ዲያሎ፡ ማትያስ ደ ሊግትን ሃሪ ማጎየርን ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ቀዋሚትን ወሰንትን ተጻወትቲ ኣብ ዘይተረኽቡሉ፡ ንጸወታ ምዕዋቶም'ዩ ዝያዳ ንኣሞሪም ኣሐጒሱዎ።

“ብሓቂ ደስ ኢሉኒ፡ ብፍላይ ካልኣይ እብረ ዝበረ ጸወታ። ኩሉ ግዜ ከምዚ ዓይነት መንፈስ እንተሃልዩና ብዙሕ ጸወታታት ክንዕወት ኢና። ከምዚ ዓይነት መንፈስ ከኣ ክሰምዓና ኣለዎ” ኢሉ።

ኣሞሪም፡ ንዘበርዎ ሕጽረት ኣማራጺታት ተጻወትቲ ንምፍታሕ፡ ኣሰላልፋ ተጻወትቲ ቀይሩ እዩ ኣትዩ።

ንናይ ጸገም ክንፊ ተኸላኻላይ ዶርጉ፡ ብዮዝሌያዊ ብዩማናይ ክንፊ ከምዝጻወት ገይርዎ። ንሱ'ውን እዋን ድማ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

ኣሞሪም፡ ቅድሚ ሓደት ሰሙናት ዶርጉ ኣብ ጻዕሪ ከምዝሎ እኳ እንተኣመነ፡ እዚ ዴንማርካዊ ተኸላኻላይ ግን ኣብታ ምሸት ብቖዓቱ ኣመስኪሩ ኣሎ።ንሱ ነቲ ኩነታት ክገልጽ ከሎ፡ “ንበር ህይወት ተጻዋታይ'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ትህሉ፡ ካልእ እዋን ድማ ብቐዓትካ ይወርድ። ጸወታ ኣብ ጋንታ ወይ ናይ ዕለቱ ግጥም ክምርኮስ ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ጸወታ ኩሉ ሐዙ ናይ ምኹባዕብ ዓቕሙ ጸቡቕ ክንጽብረቕ ክኢሉ እዩ” ኢሉ።

## ጆን ቴሪ፡ ዓላሚ ክኾውን ብኦክስፎርድ ይጥለብ

ሓለቓ ጋንታ ቸልሲ ዝበረ ተኸላኻላይ ጆን ቴሪ ድሕሪ'ቲ ጋሪ ሮዌት ቅድሚ ልደት ክልተ መዓልቲ ካብ ጸወታ ምውጻኡ፡ ተካኢ ዓላሚ ክለብ ኦክስፎርድ ዩናይትድ ክኾውን ኣብ ውድድር ኣትዩ ይርከብ።

እዛ ክለብ ካብ ዝሓለፉ 10 ጸወታታት ናይቲ ሊግ ሓንቲ ዓወት ጥራይ'ያ ኣመዝጊባ። ከም ወጽኢቱ ንዓላሚ ሮዌት ድሕሪ ሓደ ዓመት ካብ ስራሕ ከተባርሮ ተገዲዳ።

እዚ ወዲ 51 ዓመት ዓላሚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ንደስ ጫንግዝም ተኪኡ መዚኑት ምስ ተቐበለ፡ እታ ክለብ ካብ ምውራድ ብሓንቲ ነጥቢ ጥራይ ልዕል ኢላ ነይራ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነታ ክለብ መበል 17 ደረጃ ክትሕዝ ኣኽኢልዋ። ይኹን'ምበር ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ካብ 22 ጸወታታት ናይ ሊግ ኣብ ኣርባዕተ ጥራይ'ያ ተዓዊታ።



ቅድሚ ልደት ኣብ ቻርልተን ዝተሳዕረትሉ ድማ፡ ሮዌት ካብ ስርሑ ክኣለ ተገዲዱ።

ኣቦ መንበር ግራንት ፈርጉሰን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ጋሪ ኣብ በዓል እዋኑ ተጸንቢሩና። ዝሓለፈ ዓመት ድማ ኣብዚ ሊግ ንክንጸንሕ ዘርኣዮ ጻዕርን ኣመራርሓን ድማ ዘይተኣደነ ክብሪ ይግብኦ'ዩ። እንተኾነ ድሕሪ ተሰፋ ዘቖርጽ ወጽኢት፡ ዚ ከቢድ ውሳነ ንረብሓ እታ ክለብ ክንወስዶ ተገዲድና ኣለና። ብስም ቦርድ ንጋሪ ንዝበሮ ኣበርክቶ ምስጋናና ንገልጽ” ኢሉ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣቓልቦ ናብቲ ናይ ነዊሕ እዋን ተካኢ ሮዌት ዝኸውን ጆን ቴሪ ከም ዕላማ ኣትዩ ኣሎ። ኣብ ትሕቲ ዲን ስሚዝ ምስ ኣስቶን ቪላ ከም ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ዝሰርሐ ቴሪ ቀዳማይ ዓላሚ ክኸውን ድሌት ከምዘጸንሖ ይንገር።

ቴሪ ኣብ 2023 ኣሰልጣኒ ኣካዳሚ እታ ክለብ ኮይኑ ናብ ቸልሲ ቅድሚ ምምላሱ፡ ንሓጺር እዋን ኣካል ስታፍ ሌስስተር ሲቲ ብምዃን ኣብ ትሕቲ ስሚዝ ዓዩ።

ቴሪ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ዓይኒ ኦክስፎርድ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ቅድሚ እታ ክለብ ኣብ ሕዳር 2023 ንደስ ጫንግዝም ከም ዓላሚ ምቑጻራ፡ ኣሰልጣኒ ንክኸውን ቃለ-መሕትት ኣካይዳትሉ ምንባራ ይዝከር። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ከም ዓላሚ እዛ ጋንታ ኮይኑ ክማዝዝ ትጽበት ይግበር።

## ኣብ ጥሪ ክሰጋገሩ ዝኽእሉ ተጻወትቲ . . .

**ማንዩናይትድ**

ማንቸስተር ዩናይትድ ንጆምስ ጋርነር ኣብ ወርሒ ጥሪ ንኸተግዝኦ ሃንደበታዊ ሓሳብ ኣመንጭያ ኣላ። እዚ እንግሊዛዊ ወዲ 24 ዓመታ ኣኻፋሊ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ምስ ኤቨርተን ውዕሉ ኩብቅዕ'ዩ። እዚ ምስ ዝኸውን ድማ ናብታ ኣብ ናይ ትሕቲ 21 ዓመት ዝጻወተላ ክለቡ ክምለሰ'ዩ።

**ቸልሲ**

ንወዲ 20 ዓመት ማእከላይ ተኸላኻላይ ክለብ ሬስ ጀረሚ ጃኬት፡ ንወዲ 17 ዓመት ኣጥቃዓይ ሴንት ኢቲየን ዲጂልየን ንዝኣኻን ኣብ ምክትታል ተሸሚማ ኣላ። ብዘይካ'ዚ፡ ንወዲ 27 ዓመት ፈረንሳዊ ተኸላኻላይ ኣክሰል ዲሳሲ፡ እንግሊዛዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ራሂም ስተርሊንግን ንወዲ 19 ዓመት ታይሬክ ጆርጅ ክትሸጦም ትሓስብ ኣላ።

**ጁቬንቱስ**

ወዲ 25 ዓመት ኢጣልያዊ ኣኻፋሊ ኒውካስል ዩናይትድ ሳንድሮ ቶናሊ፡ ናብ ሰሪኣ ክምለስ ዝበሀገ ብምዃኑ፡ ኣብ ዕላማ ጁቬንቱስ ኣትዩ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ጁቬንቱስ፡ ንተኸላኻላይ ቶተንሃምን ሃገራዊት ጋንታ ሮማንያን ዝኾነ ራዱ ድራጉሲን'ውን ተጋዲሳትሉ ኣላ። ብተመሳሳሊ ሮማ ነዚ ተጻዋታይ ክተፈርሞ ከምእትደሊ ይግለጽ።

**ፋልሃምን ክሪስታል ፓላስን**

ንወዲ 22 ዓመት ኣሰር ቦብ ማንሲቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ ክወጽእ ምስ እተፍቅደሉ፡ እዘን ዝተጠቕሳ ክለባት ክፈርማኦ ከምዝደሊ ተሓቢሩ። ይኹን'ምበር ሰጳኛዊት ክለብ ሰቪያ ሓዊሳ ካብ ፕሪመር ሊግ ወጻኢ ዝርከባ ክለባት'ውን ነዚ ወዲ ኖርወይ ኣኻፋሊ ዓይነን ኣውዲቐናሉ ይርከባ።

**ስፖርቲን**

ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ዌስትሃም ልዊስ ጊልሄርመ ምውናን ክትሰምማዕ ተዳሊ ኣላ። ካልእ ፖርቱጋላዊ ክለብ ፖርቶ'ውን ነዚ ወዲ 19 ዓመት ብራዚላዊ ብቑዋምነት ንምስጋገር ድሌት ኣለዋ።

**ቶተንሃም**

ንወዲ 24 ዓመት ሆላንዳዊ ተኸላኻላይ ሚኪ ቫን ዴ ቨን፡ ዝተመሓየሸ ሓደሽ ንዊሕ ግዜ ዝሸፍድ ውዕል ክተፈርሞ ተዳልያ ኣላ።

**ሊቨርፑል**

ንሸዱሸተ ኣዋርሕ ብልቓሕ ንፖርቱጋላዊ ወዲ 24 ዓመት ኣጥቃዓይ ፒ.ኤስ.ጂ ጎንካሎ ራሞስ ከተግዝኦ ተኸእሎ ኣሎ። እዚ ማለት ከም መተካእታ ወዲ 26 ዓመት ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ኮይኑ፡ ንሓጺር ግዜ መፍትሒ ክኾና ይኽእል'ዩ።

**ዎልቨስ**

ኣብ ዓመተ-ጸወታ 2025 ኣብ ሜጀር ሊግ ሶከር (ሊግ ሕ.መ.ኣ) ንናሽቪል 24 ሸቶታት ከመዝግበላ ዝኸኣለ ወዲ 27 ዓመት እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ቦርንማውዝን ኖቲንግሃም ፎረስትን ዝበር ሳም ሱሪጅ ንምውናኑ ትሸባሸብ ኣላ።

**ሰቪያ፡ ሪያል ኦቪየዶን ጌታፌን**

ንወዲ 28 ዓመት ኣጥቃዓይ ቦርንማውዝን ቱርኪን ኤኔስ ኡናል ናብ ስጳኛ ንምምላስ ድሌት ኣለወን።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ግጥም ዋንጫ ኣፍሪቃ**

ጋቦን - ሞዛምቢክ 3:30 ድ.ቀ.
ኤኳተርያል ጊኒ - ሱዳን 6:00 ድ.ቀ.
ኣልጀርያ - ቡርኪና ፋሶ 8:30 ድ.ቀ.
ኣይቮሪኮስት - ካሜሮን 11:00 ድ.ቀ.

## “ባዝቢ ቤብስ” መን እዮም፤

ዘርእማርያም ክስተ

ታሪኽ እታ ዓባይ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ እንክልዓል፡ ንማት ኦልድ ትራፎርድ ብጥቡብ ዘማዕረገ ሰብ ታሪኽ ኣብ ደገፍቲ እታ ጋንታ ፍሉይ ስምዒት ዘፈጥሩ ክዘከሩ ግድን'ዩ። ንሳቶም፡ ንዕድመ ብጥቡብን ክብርን ዝሰዮሩ፡ ንማንቸስተር ዩናይትድ ካብ ዝበረቶ ደረጃ ናብ ንግስነት ዘሰጋገሩ እዮም። እዚኣቶም፡ ብበሉጽ ክእሉቶም ዓለም ዘዘረቡ ኮይኖም፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞም ሓደጋ ግን ልቢ ብዙሓት ዝተንከፉ ሰብ ቅያ ናይዛ ጋንታ ‘ባዝቢ ቤብስ’ እዮም።

ባዝቢ ቤብስ፡ ዝበል ቅጽል ስም ዝተዋህቦም፡ ቡቲ ታሪኻዊ ኣሰልጣኒ ሰር ማት ባዝቢ ዝተመልመሉ መንእሰያት ስለዝኾኑ'ዮም።

ኣብ 1950ታት፡ ዩናይትድ ንኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ብምሉእ ዓብሊላቶ ነይራ። ሚስጥር ዕብለላኣ ድማ፡ እቶም ብዙሓም ማእከላይ ዕድመ 22 ዓመት ጥራይ ኣቖጺርም ዝበሩ ከዋኽብታ'ዮም። ዓለም ብምልኣ ንዝመጽእ 10 ዓመታት ንኩዕሶ ዓለም ክቆጻጸሩ'ዮም ብምባል ከኣ ተስፋ ኣንቢራትሎም ነበረት። እንተኾነ ብሰንኪ እታ ስሪም ሓደጋ ተስፋኣምን ተስፋ ዓለምን ቅሂሙ። ዩናይትድን ዓለምን ከኣ ከዋኽብቲ ኩዕሶ እግሪ ከሰረን።

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ሽዱሽተ ለካቲት 1958 ንረድ ስታር በልግሬድ ረቲዓ ናብ ርብዒ ፍጻመ ምሕላፋ ኣውሒ!ዛ ጉዕዞ ናብ ሃገራ ዓዲ እንግሊዝ ተተሓሒዞ። እታ ዝተሳፈረላ ነፋሪት ኣብ መኒክ ጀርመን ነዳዲ ንምምላእ ዓሪፈት።

ኣብቲ ግዜ ኩነታት ኣየር ከተማ መኒክ ብበረድ ዝተሸፈነን ኣዝዩ ዝሑልን እዩ ነይሩ። ኣብራሪ እታ ነፋሪት፡ ነፋሪት ንምብራር ክልተ ግዜ ፈተነ ኣካየደ። ኣብ ሳልሳይ ፈተነ ግን፡ እታ ነፋሪት ካብ መጉዳ ወጺኣ ምስ ሓደ ህንጻን ናይ ነዳዲ መኽዘንን ተጋጨወት።

ካብቶም ኣብታ ነፋሪት ዝበሩ 44 ሰባት፡ እቶም 23 ህይወቶም ስኢኖም። ካብዚኣቶም እቶም 8 ናይ ዩናይትድ ተጻወትቲ ነበሩ። እቲ ዝዓበየ ሓዘን ድማ፡ እቲ “ንጉስ ኩዕሶ እግሪ” ክኸውን ተባሂሉ ዝተተንበየሉ ወዲ 21 ዓመት ዱንካን ኤድዋርድስ ድሕሪ ናይ 15 መዓልታት ኣብ ሆስፒታል ዝበሮ ቃልሲ ህይወቱ ሓሊፉ።

እቲ ካብቲ ሓደጋ ዝተረፈ ቦቢ ቻርልተን፡ ድሕሪቲ ሓደጋ ናይ ኣእምሮ ጭንቀት ስለ ዝሓደሮ፡ ኩዕሶ እግሪ ምጽዋት ደው ከበል ሓሊኑ'ኳ እንተነበረ፡ ሓሳቡ ብምቕያር ክሳዕ ምውካል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝን ዝለዓለት ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድን ክኸውን በቒዑ።

እቲ “ደሰርር ዶ ይኸውን?” ዝተብሃለሉ ሰር ማት ባዝቢ ብጉዳኡ ንክልተ ወርሒ ኣብ ሆስፒታል ድሕሪ ምጽናሕ ብተኣምር ክድሕን ክኢሉ። በዚ ኣቀንዝዊ ኹነታት





ዝጸለዎ ሰር ማት፡ ካብ ኩዕሶ እግሪ ጠቕሊሉ ኽሰናበት'ኳ ሓሰቡ እንተነበረ፡ ብዓልቲ ቤቱ፡ “ንሳቶም ሞይቶም እዮም፡ ንስኻ ግን ህያው ኢኻ።

ንክብሮም ኢልካ ክትቀጽል ኣሎካ” ብምባል መብጽዓ ከም ዝኣቱ ገበረቶ።

ሰር ማት ድማ፡ “ንዘኽሪ እቶም ህይወቶም ዝሓለፉ ተጻወትቲ ደቀይ፡ ዋንጫ ኤውሮጳ





ከይዓተርኩ ኣይክዕርፍን'የ” ብምባል ሓደሽ ጉዕዞ ፈለመ።

ድሕሪ 10 ዓመት ናይቲ ኣጋጣሚ ኸኣ፡ ኣብ 1968፡ ነቲ ካብቲ ሓደጋ ዝተረፈ ቦቢ ቻርልተን ምስ ጆርጅ በስትን ዴኒስ ሎው ዝኣመሰሉ ሓደስቲ ከዋኽብቲ ብምውህሃድ፡ ንማንቸስተር ዩናይትድ ናብ መዘምሪ ዋንጫ ኤውሮጳ ኣብጽሓ።

ኣብ ስታድዮም ዌምብለይ ኣንጻር ቤንፊካ ኣብ ዘካየድዎ ግጥም ከኣ፡ 4ብ1 ብምርታዕ ቀዳመይቲ ጸዋእ ዋንጫ ኤውሮጳ ዝልዓለት እንግሊዛዊት ክለብ ክትከውን ኣኻኢልዋ። ሰር ማት ባዝቢ ነታ ዋንጫ ሒዙ ናብ ሰማይ ብምንቅዕራር፡ ሕልሙን ሕልሚ እቶም ቅድሚ 10 ዓመት ዝሞቱ ተጻወትቱ ህያው ከም ዝበረ ኣማስከረ።

እታ ኣብ ኣልድ ትራፎርድ ዘላ ሰዓት፡ ኣብታ እታ ኑቶም ተጻወትቲ ሓዚ ዝበረት ነፋሪት ዝተኸስከሰትላ ሰዓት ደው ኢላ ክትርከብ እንከሎ፡ ማንዩናይትድ ድማ ንኽብሪ እዞም ከዋኽብታ፡ ኣብ ማልዩኣ ዘሎ ቀይሕ ሕብሪ ንዘኽሪ ዝፈሰሰ ደሞም ክኸውን ገይራ።

ታሪኽ ባዝቢ ቤብስ ከኣ፡ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ታሪኽ ጽንዓትን ዘይተሰዓረትን ብምዃኑ ክሳዕ ሎሚ ይዝከር ኣሎ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም | 28/12/2025 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቃ ፋብሪካ ምዓሶገ(ጉዳይፍ) | 181048 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣበይቶ | | መጨረሻታ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣበይቶ | 07114040 |
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቃ ኣንዳ ማርያም ጥቃ ባር ትራስተለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services